# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.156 | ሰንበት 1 መጋቢት 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 4
ፕላስቲካዊ መጥባሕቲ...






ገጽ 5
ጕዕዞ ናብቲ ዓቢ ደጀን





ገጽ 7
ቢትኮይን፡ መወዳእታ ምዕራፍ





ገጽ 8
ውዕሎ ሻብዓይ መድረኽ...




## ኣስመራ - ብጂኦግራፍያዊ ስርዓተ-ሓበሬታ ዝሰልጠኑ ተመረቑም

ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ምስ ቀጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብምትሕብባር፡ ንኣስታት ሓደ ወርሒ ብጂኦግራፍያዊ ስርዓተ-ሓበሬታን ግንዛቤ ኣከባብን ዘሰልጠኖም 25 ክኢላታት ኣመሪቑ።


ኣብ'ቲ ካብ 2 ክሳብ 27 ለካቲት ብወጻእተኛታት ክኢላታት ናይ'ቲ ዓውዲ ዝተዋህበ ስልጠና፡ መሰረታዊ ኣምር ጂኦግራፍያዊ ስርዓተ-ሓበሬታን ባእታታቱን፣ መወከሲ ንቕጣታት ኣብ ካርታን ረብሓታቱን፣ ቅየሳ ንድፌ ካርታ፣ ኣጠቓቕማ መተግበሪ ጂኦግራፍያዊ ስርዓተ-ሓበሬታ፣ ከምኡ'ውን ምጥርናፍ፡ ምውህሃድን ምድጅታልን ሓበሬታ ኣከባቢ ዝብል ዛዕባታት ተሸፊኑ።

እዚ ብክልሰ-ሓሳብን ግብርን ዝተዋህበ ስልጠና፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ወርሒ ሰነ 2025 ዝተወደበ ተመሳሳሊ ስልጠና ኮይኑ፡ ኣብ መርትዖ ዝተመርኮሰ ምሕደራ ሓበሬታ ኣከባቢ ንምምሕያሽ፣ ውጥን ንምንዳፍ፣ ከምኡ'ውን ውሳነ መርሓ ጉደናን ንምድላው ዝዓለመ ምዃኑ ተገሊጹ።

ሰልጠንቲ ካብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፣ ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን፣ ሚኒስትሪ ጸዓትን ማዕድንን፣ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ፣ ሚኒስትሪ ሕርሻ፣ በዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን፣ ሃገራዊ ቤት-ጽሕፈት ስታትስቲክስ፣ ማእከል ካርታን ሓበሬታን ኤርትራ፣ ከምኡ'ውን ካብ ምምሕዳር ዞባታት ዝተዋጽኡ'ዮም።

ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ ኣብ ዘስመዖ መዕጸዊ ቃል፡ እቲ ስልጠና ካብ ዝተፈላለያ ትካላት መንግስቲ ንዝተዋጽኡ ክኢላታት ዝተወደበ ስለዝኾነ፡ ጂኦግራፍያዊ ሓበሬታ ንምውህሃድን ካብኡ ዝኸቅል ውሳኔታት ንምውሳድን ዕዙዝ ኣገዳስነት ከምዘለዎ ብምግንዛብ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ መዓልታዊ ስራሖም ብግቡእ ክትርጉምዎ ተላቢዩ።

ኣብ ቀጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክኢላ ስታትስቲክስን ጂኦግራፍያዊ ስርዓተ-ሓበሬታን ሚስተር


ሰኣላይ ሳልሕ ዓብደልቃድር

ኣየንካ ጎድሃርት ብወገኑ፡ ሰልጠንቲ ኣብ ሓጺር እዋን ብርኽት ዝበለ ኣርእስታት ብብቕዓት ክሽፍኑ ምኽኣሎም ብምምጓስ፡ ኣብ መጻኢ ተመሳሰልቲ ስልጠናታት ንምውዳብ ኣድላዪ ምትሕብባር ከምዝገብሩ ኣረጋጊጹ።

## ዓዲ ቐይሕ - ትራክተራት ኣብ እዋኑ ምምጽኣን ሓረስቶት መጕሶም

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ብኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ዝተመደባ ትራክተራት ኣብ ናይ ነቕሊ እዋን ምምጽኣን፡ ንንጥፈታቶም ድርኺት ዝፈጥር ምዃኑ፡ ሓረስቶት ምምሕዳራት ከባቢ ማእለውያን ሓይካባን ገሊጾም።

ካብ መፋርቕ ወርሒ ለካቲት ብድጎማ መንግስቲ ንሰዓት ብሕሳብ 175 ናቕፋ ንዝገበር ዘሎ ናይ ማሕረስ ሓገዝ ብምምስጋን፡ ምኽሪ ሞያውያን ብምትግባር እቶታውነቶም ክብ ንምባል ከምዝሰርሑ'ውን ኣረጋጊጾም።



ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ማእለውያ ኣቶ ኣድሓኖም ሓጎስ፡ ቀዳምነት ንጸግማት ብምሃብ ክሳብ 105 ሄክታር ንኽሕረስ ጠለቦም ከምዝበጽሑ፣ እንተኾነ ልዕሊ 120 ሄክታር ከምእተዓመ ሓቢሩ።

ኣወሃሃዲ ናይ'ተን ትራክተራት ቀሺ ተስፋኣለም ሓድሽ ብወገኑ፡ ቀዳምነት ንስድራ ስውኣት ጸገማት ወገናትን ከምዝወሃብ ጠቒሱ፡ ድሮ ልዕሊ 300 ሰዓታት ሓረሰን ከም ዘለዋን ተቐባልነት ሓረስቶት ልዑል ከምዝኾነን ኣብሪሁ።

ተቖጻጻሪ ናይ'ተን ትራክተራት መንእሰይ ርድዋን ኢብራሂም ድማ፡ ኣብ'ተን ዝተረፈ 8 ምምሕዳራት ከባቢ ሓደ ሽሕ ሄክታር ንምሕራስ መደብ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ቅድሚ ዝናብ ኣስመራ ንምዝዛሙ ይነጥፉ ከምዘለዉ ኣብሪሁ።

## ኮርፖረሽን ቴለኮሚኒኬሽን ኤርትራ፡ መርበባት ንምስፋሕ ይሰርሕ ኣሎ

ኮርፖረሽን ቴለኮሚኒኬሽን ኤርትራ፡ ብቑዕን ስሉጥን መርበባት ኣብ መላእ ሃገር ንምስፋሕ ከካይዶ ብዘጸንሐ ዕዮ፡ ኣብ ኣስመራ ዝተፈላለየ መደባት የተግብር ኣሎ።

ሓላፊ ጨንፈር ምዝርጋሕ መስመር ኣገልግሎት ቴለፎንን ኔትዎርክን ኣቶ ኣብርሃም ተስፋስላሴ ንኤሬና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ከባቢታት ፋርማሲ ሓማሴን፡ ዕዳጋ እኽሊ፡ ዕዳጋ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ከምኡ'ውን ሜዳ-ኤርትራን ቤተ-ክርስትያን ቅድስቲ ማርያምን ንዝነበረ ልዕሊ 70 ዓመታት ዕድመ ዝገበረ መስመራት ቀዋሚ ቴለፎን፡ ብሓድሽ ንምትካኡ ይስራሕ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ ኣገልግሎት ንዘጸንሐ መስመራት መራኸቢታት ንምምዕባል ጽግናዊ ስራሓት ክካየድ ምጅማሩ ዝጠቐሰ ኣቶ ኣብርሃም፡ እቲ ኣብ መስርሕ ዘሎ መስመራት፡ ንዝነበረ ቁጽሪ መስመራት ከምዝዕብዮ ኣፍሊጡ።

ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ ስራሕ ኢንጂነር ሃብቶም መሓሪ ብወገኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ኣብ ከባቢታት ዕዳጋ-ሓሙስ፡ ሓዝሓዝ፡ ኣኽርያ፡ ከባቢ ሚዛንን ዝጥን-ሰንቀይን ዕዉት መስርሕ ምዝርጋሕ ሓድሽ መስመር ከምእተኻየደ፣ ብኡ መንጽር ድማ ቁጽሪ ሓደስቲ ዓማዊል ቀዋሚ ቴለፎን ይብርኽት ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ዝተኻዕተ መንገዲ ኣጋር፡ ከምኡ'ውን መስመራት ጽሩይን ረሳሕን ፈሳሲ ብሓድሽ ይትካእ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣብ'ቲ ዕዮ ዝሳተፉ ዘለዉ መንእሰያት ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ብቑጻሊ ምስ ዝምዕብል ዘሎ ቴክኖሎጂን ዝተኣታቶ ዘሎ ዘመናዊ መሳርሒታትን ዝውደብ


ስእሊ-ዮናታን የዕብዮ

ስልጠናታትን፡ ዕዉት ስርሓት ክዓሙ ከምዝሓገዞም ገሊጾም።

እቲ ስራሕ፡ ኣብ ዝተረፉ ምምሕዳራት ከባቢ ዞባ ማእከል ክቕጽል ምዃኑ፡ እቲ ካብ ቤት-ጽሕፈት ኮርፖረሽን ኤራ-ተል ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።

# ሃገራዊ ማሕበር ጸሙማን ኤርትራ፡ ብቐዲ ክዳን ዘሰልጠኖም ኣባላቱ ኣመረቐ

ሃገራዊ ማሕበር ጸሙማን ኤርትራ፡ ምስ ሃኮሰኤ ብምትሕብባር ንሰለስተ ኣዋርሕ ብቐዲ ክዳን ዘሰልጠኖም 22 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 55 ኣባላቱ፡ ብ27 ለካቲት ኣመረቐ።

እቲ ስልጠና፡ ባህሊ፡ ኣነባብራን ኣለባብሳን ብሄራት ኤርትራን ካልእ ጥበባዊ ኣምራትን ዘማልአ ስለዝነበረ ኣዝዩ መሳጥን ውጽኢታውን ከምዝነበረ ዝጠቐሰ ኣቦ-መንበር ማሕበር ኣቶ ወልደሚካኤል ስእለ፡ ሰልጠንቲ ብሓባር ኮይኖም ብውልቂ ናይ ገዛእ ርእሶም ትካል ከበግሱ ምእንቲ፡ ኣድላዪ ደገፍን ምትብባዕን ክግበረሎም ተላብዩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ድሕነት ኣቶ ምሕረትኣብ ፍስሃየ ብወገኑ፡ ሰልጠንቲ ንዝረኸብዎ ዕድል ብግቡእ ተጠቒሞም፡ ኑብሶም ክኢሎም ሂወቶም ክመርሑን ከባቢኦም ብእወታ ክጸልዉን ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ምኽትል ዋና ጸሓፊ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ኣቶ ኩብረኣብ ኪዳኑ፡ ምስ ሃገራዊ ማሕበር ጸሙማን ብምትሕብባር ዝወደብ ስልጠናታት ኣብ መጻኢ ብዝለዓለ ከም ዝቕጽል ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ናይ መመረቕታ ስነ-ስርዓት፡ ሚኒስተር ፍትሒ ወ/ሮ ፈውዝያ ሃሽም እትርከቦም ዕድመ ዝተገብረሎም ሰበ-ስልጣን ተረኺቦም ነይሮም።



ስእሊ ሳሚኤል ንጉሰ

# ኣቑርደት - ዕቃበ መበቈላዊ ኣግራብ ጽቡቕ ውጽኢት ተረኺብዎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ዝርከብ መበቈላዊ ኣግራብ ብሓፈሻ ዓርኮባይ ድማ ብፍላይ ንምዕቃብ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ጽቡቕ ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ሓላፊ ቁጽጽር ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቶ ተኽሊያ ጉብረየሱስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ገማግም ሩባ ባርካ ዝርከብ ዓርኮባይ ብሰንኪ ንጥፈታት መስኖኣዊ ሕርሻ ከይበርስ ዕቱብ ምክትታልን ቁጽጽርን ከምዝግበር ብምግላጽ፡ መረዳእታ ሕብረተሰብ እናበረኸ ብምምጽኡ'ውን፡ መጠን ብርሰት ከምዝነቐልቐለ ኣረዲኡ።

ብሰንኪ ባህርያውን ሰብ-ሰርሖን ሓደጋታት ኣብ ልዕሊ መበቈላዊ ኣግራብ ዘጋጥም ብርሰት ንምግታእን ንዘበረሰ ንምትካእን ሓላሊፉ ዝውሰድ ተበግሶ ከምዘሎ ጠቒሱ ድማ፡ ብዝለዓለ ከምዝስራሓሉ ገሊጹ።



# ሞልቂ - ኣብ ኣተሓሕዛ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ዘተኰረ ዘተ ተኻየደ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቂ፡ ኣብ ኣጉዳስት ምጥርናፍ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ኣብ ማሕበርን ሜላታት ናብዮቶምን ዘተኰረ ርክብ ተኻየደ።

ዕላማ'ቲ ዘተ፡ መረዳእታ ሕብረተሰብን ኣብ ህዝባዊ ኣገልግሎት ዝጠፍኡ ኣካላት ደረጃ ሕማም ግዳያት ዝኾኑ ስልጠናታት ክወሃብ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ሓላፊ ማሕበር ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቂ ኣቶ ምስየፍ ተሾመ ብወገኑ፡ ንጥፈታት ማሕበር ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዛጊት ኣብ 5 ምምሕዳራት ከባቢ ጥራይ ተደሪቱ ብምህላው፡ ቁጽሪ ናይ'ቶም ዝተመዝገቡ ካብ 50 ከምዘይበዝሐ ብምጥቃስ፡ ናብ'ተን ዝተረፉ 14 ምምሕዳራት ከባቢ ንምዝርጋሕ ከምዝሰራሕ ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሞልቂ ኣቶ ዘርኣይ በርሀ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝቖመ ጨንፈር ማሕበር ንምሕያል ኣበርክቶ ሕብረተሰብን ኣካላት መንግስትን ክዓዝዝ



መንግስትን ብምዕባይ፡ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ብሕብረተሰቦም ተሓቚፎም ኣፍረይቲ ዝኾኑሉ ኩነታት ንምጥጣሕ ከምዝኾኑ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ዞባ ጋሽ-ባርካ መምህር ተኽለዝጊ ተስፋማርያም ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ዘበርኽ ኀሳብሳዊ ንጥፈታት ክድፋኣሉ፣ ወኪልና ማሕበር ክሳብ ምምሕዳራት ከባቢ ክዝርጋሕ፣ ኣበርክቶ ሰብኡጋን ገርቲ ሰናይን ዘለዎ ከባቢ መደባት ክድፋኣሉ፣ ከምኡ'ውን ምስ ብምዝኽኻር፡ ኣብ ልዕሊ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ዘሎ ድሑር ኣመለኻኽታ ክእረም፡ ስድራቤታትን ኣለይትን ድማ ረብሓታት ምጥርናፍ ኣብ ማሕበር ተገንዚቦም፡ ማሳኣቶም ዝሕለወሉ ዕድል ኣብ ምፍጣር ክዋስኡ ኣተሓሳሰበ።

# ብምኽንያት 8 መጋቢት፡ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ተኻየዱ

ብምኽንያት 8 መጋቢት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂኣንስትዮ፡ ኣብ ኣስመራ፡ ዓዲተከሌዛንን ዓዲ-ቐይሕን ዝተፈላለየ ንጥፈታት ተኻየዱ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ብ24 ለካቲት ንኣባላት ፖሊስ ደቂኣንስትዮ፡ ኣብ ተራን ኣበርክቶን ደቂኣንስትዮ ኣብ ፖሊስ ኤርትራ ዘተኰረ ሰሚናር ተዋሂቡ።

ኣብ'ዚ ካብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት፡ ቤት-ጽሕፈት ፖሊስ ዞባ ማእከል፡ መደበራት ፖሊስ ዞባ ማእከል፡ ፖሊስ ትራፊክን ወዘተ. ደገፍን ዝተወከላ ልዕሊ 230 ደቂኣንስትዮ ዝተሳተፍኦ ሰሚናር፡ ሓላፊ ንኡስ ጨንፈር ላቦራቶሪ ተለንት ስምኦን ጉብረየውሃንስ፡ ማዕርነት ደቂኣንስትዮ ኣብ ሕብረተሰብ እናበረኸ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ፖሊስ ኤርትራ ኣብ ኩሉ ሞያታት ብዝተፈላለየ ደረጃታት ዝገብርኦ ዘለዋ ኣበርክቶ ብኣብነት ዝጥቀስ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲተከሌዛን ኣብ መቓብር ሰማእታት ማእቶታዊ ንጥፈታት ተሰላሲሉ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ - ብምኽንያት 8 መጋቢትን 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታትን ስሩዕ ወፈራታት ከምዝካየድ ዝገለጸት ሓላፊት ሃ.ማ.ደ.ኤ ወ/ሮ ኻት ጉብረወልዲ፡ ኣብ'ዚ ንጥፈታት ምስታፍ ሕልናዊ ዕግበት ዝሁብ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንተራን ኣበርክቶን ደቂኣንስትዮ መጉሳ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ብ25ን 26ን ለካቲት ኣብ ዝተኻየደ ኣስታት ሓደ ሽሕ ጉልበት ዝተሳተፎ ተመሳሳሊ ወፈራ ድማ፡ ምክንኻን ሃብቲ ገረብን ምጽጋን፡ ጽሬት ኣከባብን ምክልኻል ፍግረ-መሬትን ዘጠቓልል መደባት ከምእተተግበረ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

# ጎልጅ - ምሕደራ ፕሮጀክት ማይ ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ትኻሽኣይ - ንኡስ ዞባ መንሱራ ዝኽተልዎ ዘለዉ ውሕሉል ኣገባብ ምሕደራ ማይ፡ ዕድመ ዝተዋደደሎም ፕሮጀክት ብምንዋሕ ውሕስነቱ ዝተረጋገጸ ማይ ክሰትዩ ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ሓቢሮም።

ኣቦመንበር ኮሚቲ ምሕደራ ማይ ኣቶ ኩብሮም ከሰተ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣቐዲሞም ዝስተ ማይ ንምርካብ ሃልኪ ከምዝነበሮም ብምዝካር፡ እቲ ፕሮጀክት ድሕሪ ምውዳኡ ግና፡ ኮሚቲ ብምቛም ንኣገባብ ኣጠቓቕማ ዝምልከት ወሸጣዊ ሕጊ ብምንዳፍ ሳላ ዝሰርሑ፡ ልዕሊ 10 ዓመት ከይተሸገሩ ጽሩይ ማይ ክሰትዩ ከምዝጸንሑ ኣረጋጊጹ።

ተሓዚ ሕሳብን ክኢላ ጽገናን ብወገኖም፡ እታ ብዓዲ ዝተመርጸት ኮሚቲ፡ ንሜላታት ምሕደራ ማይን መሰረታዊ ጽገናን ዝምልከት ስልጠናን መምርሒታት ሰራሕን ተኸቲላ ብልዑል ደገፍ ነበርቲ ሳላ ዝጸየየት፡ ኣታዊታት ኣኻዒባ መሰረታዊ ጽገና ክትገብርን ኣማሪጺ ጸዓት ክተትኣታቱን ከምዘኽኣለት ገሊጾም።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ትኻሽኣይ ኣቶ የውሃንስ እያሱ ድማ፡ ሽግር ዝስተ ማይ ንምፍታሕ ብደገፍ መንግስቲ ኣብ 2012 ፕሮጀክት ምስ ተዋደደ፡ ኮሚቲ ምሕደራ ብምቛም ብዕቱብ ብምስርሖም፡ ዘላቒ ኣገልግሎት ኣረጋጊጾም ከምዘለዉ ኣብሪሆም።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም  ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ  ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# መዘናጊ

ማርታ ክብሮም

## ካብ ዕዉታት ሰባት . . .

ዋልተር ኢልያስ ዲስኒ- ገና ተመሃራይ መባእታ ከሎ እዩ መሳጢ ካርቱናት ናይ ምስኣል ፍሉይ ተውህቦ ዝነበሮ። ቀልጢፋ ክዓቢ ዝኽኣለ ዲስኒ፡ ኣብ መበል 19 ዓመቱ ናይ ተንቀሳቓሲ ካርቱን ካምፓኒ መስረተ። እንተ ኾነ፡ ከምቲ ዝድለ ክሰጉም ብዘይ ምኽኣሉ ኣብ መበል 22 ዓመቱ ጥፈሻ ኣጋጠሞ። ዲስኒ በዚ ከይተሰናኸለ፡ ስልቲ ንግዱ ብምቕያር፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ናይ መዘናግዒ ካምፓኒ ናይ ዓለም ክኸፍት ዝኸኣለ እዩ። ሚኪ ማውዝ፡ ዶናልድ ዳክ፡ ጎፊንን ካልኦት ህቡባት ካርቱናትን ገለ ካብ ስርሓት ዲስኒ እየን። ትካል ዲስኒ ድሕሪ ሞት ዋንኡ'ውን ካብቲ ዝነበሮ መሊሱ ብምዕባይ፡ ናቱ መደበር ራድዮን ቲቪን ክኸፍት ክኢሉ እዩ።



ሄንሪ ፎርድ

ኮሎኔል ሳንደርስ- ሎሚ ካብ ትካል መግቢ ከይኤፍሲ መግቢ ክወስድ ዘይደሊ ኣካል የለን እንተ በልና ምግናን ኣይኮነን። እንተ ኾነ ኣጀማምራኡ ቀሊል ኣይነበረን፡ ብሓፈሻ ዝኾነ ነገር ኣብ ምጅማሩ ቡዳዪ ከም ዝኾነ እዩ ሳንደርስ ዝገልጽ። ግዜ ቁልዕነት ሳንደርስ ብተነጽሎን ብስጭትን ዝተመልአ እዩ ነይሩ፡ ብዘይካ'ዚ ኣብ ትምህርቲ ብተደጋጋሚ ይተርፍ ብምንባሩ፡ ትምህርቱ ክገድፎ ተገዲዱ እዩ። ድሕሪ'ዚ ዝተፈላለዩ ስርሓት እኳ እንተ ጀመረ፡ ከምቲ ዝግባእ ፍረ ይረኽበሉ ብዘይ ምንባሩ ግና ይገድፎ ነበረ። ኣብ መወዳእታ፡ ጥብሲ ደርሆ ክሸይጥ ጀመረ። ኣብ ስርሑ ኣዝዩ ትጉህ ምንባሩ ዝነገረሉ ሳንድረስ፡ ፍሉይ ቀመማት ዝተሓወሶ ዕሹግ ደርሆ ክሸይጥ ከም ዝኽእል ብምሕሳብ እዩ ናቱ ትካል ዝኸፈተ። ኑቲ ዝጀመሮ ካምፓኒ ድማ ብክልተ ሚልዮን ዶላር ክሸጦ ከኣለ። እዚ ድማ ኣብ ንግዲ ዓለም ክዕወትን



ኮሎኔል ሳንደርስ

ንቕድሚት ክግስግስን ኣኽኣሎ። ዛንታ ሳንድረስ፡ ኣብ ህይወት ዘጋጥመካ ብድሆታት ይዕበ ይንኣስ ብዘየገድስ፡ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ክብ ክትብል ከም ትኽእልን ኣገዳስነት ተስፋ ዘይምቑራጽን ዝምህር እዩ።

ስቴፈን ኪንግ፡ ሓደ ካብቶም ዓለም ዝረኣየቶም ዝበለጹ ጸሓፍቲ እዩ። ኪንግ ኣብ ልቢ ብዙሓት ኣፍቀርቲ ስነ ጽሑፍ ክተርፍ ዝኸኣለ፡ ብዘቕርቦ ዝነበረ መሳጢ መጽሓፍቲ እዩ። በዚ ድማ ኣብ መላእ ዓለም ስሙ ክገንን ክኢሉ እዩ። ዘ ሻይኒንግ፡ ሚዘሪ፡ ሆሊ - ገለ ካብተን ዓበይትን ስም ክረኽበለን ዝኸኣላ መጽሓፍቲ ኪንግ እየን።

## ካብ ኣደነቕቲ ባህርያት እንስሳታት



\- **ኢራብ** ብጽባቐአን ኣቃውማ ኣእጋራን እትልለ ሓንቲ ካብተን ፈጣናት ናይ በረኻ እንስሳታት እያ። ኢራብ ዝበዝሐ ግዜ ምውዓላ ኣብ በረኻቲ ኣኽራናት እዩ። ንሳ ንኽትወልድ ቅልውላው ኣብ ዝሕዛ ግዜ፡ ክልተ ስልቲ እያ ትጥቀም። መጀመርታ ካብቶም ኣብ ጎላጉል ዝርከቡ ተጓዳእቲ እንስሳታት ብምርሓቕ፡ ኣብቲ ንሳቶም ብቐሊሉ ክኸድዎ ዘይክእሉ በረኽ ቦታ እያ ትድይብ። ብዘይካ'ዚ እቲ መረጻቶ ዘላ ቦታ ንዓኣን ንውሉዳን ዝኸውን ፈልፋሊ ዓይኒ ማያት ክህልዎ ኣለዎ። ምኽንያቱ ውላዳ ክሳብ ዝጉብዝ ኣብቲ በረኽ ምስኣ ስለ ዝኹበር፡ ፈልፋሊ ማይ ምርካብ ቀዳምነት ካብ ትህቦ ነገር እዩ። ኢራብ ኣብ እትወልደሉ ግዜ ብርክኽ ኢላ'ያ ትገላገል።

\- ኦክቶፐስ ዝተባህለ ዓይነት ዓሳ ምስ ከባቢኡ ንኽመሳሰል ሕብሩን ቅርጹን ክቕይር ይኽእል። ብዘይካ'ዚ ኦክቶፐስ ንምስትምቓርን ንምድህሳስን ዝሕግዞ ሸሞንተ ኣእዳው ኣለዎ። ካብ ጸላእቱ ኣብ ዝሃድመሉ ግዜ፡ ካብዞን ኣእዳዉ ምስ ዝስእን'ውን ጸኒሐን ስለ ዝበቖላ ብካልኦት ሓደሽቲ ክትካአን ጸገም የብሉን።

**ታርዲግሬይድ** (ናይ ማይ ድቢ) ዝተባህለ እንስሳ ንዝኾነ ዓይነት ክሊማ ተጻዊሩ ክነብር ዘይጽግሞ እንስሳ እዩ። ኣብ ኣዝዩ ልዑል ምቖት ዘለዎ ማይ ይኹን ትሕቲ ዜሮ ዲግሪ ሰንቲግሬድ ዘለዎ ማይ ክነብር ኣይጽግሞን። ብዘይካ'ዚ ዘይንጡፍ ብምዃን ወይ ትንፋሱ ኣህጢሙ ብዘይ ማይን መግብን ንኣዋርሕ ክጸንሕ ይኽእል።

\- ዓጋዜን ብጉጅለ እዩ ዝጓዓዝ። ሓንቲ ጉጅለ ክሳብ 10 ኣባላት ክትሓቑፍ ትኽእል። ብዘይካ'ዚ ዓጋዜን መዓልታዊ ማይ ስለዘሰቲ፡ ማይ ካብ ዝርከቦ ከባቢ ርሒቑ ክነብር ኣይመርጽን። ዓጋዜን ነዋሕትን ቀጠንትን መሓውር ኣለዎ። እዚ ፈጣን እንስሳ'ዚ፡ ኣብ ሰዓት ክሳብ 65 ኪሎ ሜትር ክጎዪ ይኽእል።



## ዚርያብ - ንስጳኛውያን ክቕይር ዝኸኣለ ጊላ

ዚርያብ ብዙብል ቅጽል ስም ዝፍለጥ ዝነበረ ዓብዱል ሓሰን ዓሊ፡ ኣብ ታሽዓይ ዘመን ናይቶም ኣብ ቤት ፍርዲ ኮርዶባ - ስጳኛ ዝሰርሑ ዝነበሩ ደያኑ ዋና ኣዘናጋዒ ኮይኑ ዝሰርሕ ዝነበረ ኣፍሪቃዊ ጊላ እዩ ነይሩ።

ንሱ ኣብ ቅዲ ሙዚቃ ማእከላይ ዘመን፡ ቅዲ ኣካብብራ፡ ቅዲ ጸጉሪን ስርዓት ኣመጋግባን ዓቢ ለውጢ ክገብር ዝኸኣለ እዩ።

ኣብ 789 ዝተወልደ ዚርያብ፡ መበቆሉ ካብ ሃገራት ሰሜን ኣፍሪቃ ምዃኑን ልዑል ትምህርቲ ከም ዝነበሮን እዩ ዝንገረሉ።

ዚርያብ ዝብል ቃል፡ ብቋንቋ ዓረብ ጸላም ትዝምር ዑፍ ማለት ክኸውን ከሎ፡ ብቋንቋ ፋርስ ከኣ ወርቃዊ ሃድን ዝብል ትርጉም ነበሮ። ብዘይካ'ዚ ስጳኛውያን ነዚ ጸሊም ጊላ፡ ጸሊም ዑፍ እናበሉ ይጽውዕዎ ነበሩ።

ብሓፈሻ ዚርያብ ኣብ ባህላዊ ሙዚቃ ስጳኛ ዓቢ ተራ ክጻወት ዝኸኣለ እዩ። ደሓር ጊታር ስጳኛ ዝኾነት ሉት ዝተባህለት መሳርሒ ሙዚቃ ኩተኣታቱ'ውን ክኢሉ እዩ።

ብዘይካ'ዚ ኣብታ ሃገር ወቕታዊ ምልውዋጥ ክዳን ክኽደን ዝጀመረ ናይ መጀመርታ ሰብ'ውን እዩ። ንህዝቢ ስጳኛ ኣብ ግዜ ሓጋይ ፈኩስን ጻዕዳ ዝሕብሩን ክዳን፡ ኣብ ግዜ ቁሪ ድማ ካብ ጸምሪ ዝተሰርሑ ርጉድ ዝበሉ ክዳውንቲ ክኽደኑ ከም ዘለዎም ኣርኣየዎም። ኣብ ግዜ ንግሆ፡ ቀትሪን ምሸትን ዝተፈላለዩ ክዳውንቲ ምኽዳን የዘውትር ብምንባሩ፡ ኩሎም ኣብ ዚርያኡ ዝነበሩ ሰበ ስልጣን ስጳኛ ከይተረፉ ክስዕብዎ ከም ዝጀመሩ'ውን እዩ ዝትረኽ።



ገለ ቀመማት ሓዊሱ ብምድላው ንግሆ ከም መሕጸቢ ስኒን ኣፍን፡ ከምኡ'ውን ጨና ትሽትሽ ብምድላው ብኸመይ ክጥቀምሉ ከም ዘለዎም ይምህሮም ነበረ።

ኣብ ኣመጋግባ ከይተረፈ ፍሉይ ለውጢ ኩተኣታቱ ዝኸኣለ ዚርያብ፡ ጽልውኡ ካብ ስጳኛ ሓሊፉ ኣብ ኤውሮጳ፡ ጸኒሑ ከኣ ኣብ መላእ ዓለም ክልሕም ግዜ ኣይወሰደን።

ዚርያብ ኣብ ባህሊ ስጳኛ ብዙሕ ሓደሽቲ ነገራት ብምትእትታው ንሓዋሩ ባህሊ ስጳኛ ክቕይሮ ዝኸኣለን ክሳብ ሎሚ ስሙ ብኽብሪ ዝዝከር ዘሎን እዩ።

## ንፍሽኽታ

ሰለስተ ተመሃሮ ብዛዕባ መንፍዓትን ትብዓትን ኣቦታቶም ኣርእስቲ ኣልዒሎም ከምዚ ብምባል ክዕዝኑ ጀመሩ።

ቀዳማይ ተመሃራይ፡ "ኣቦይ ክንዩ ንፋስ'ዩ፡ ዝወርወራ ጭማራ ገና ናብ ዕላማኣ ቅድሚ ምብጽሓ ክቕድማ ይኽእል እዩ" በለ።

ካልኣይ ተመሃራይ፡ ትቕብል ኣቢሉ፡ "ኣቦይ ከኣ ካላሽን ተኩሱ፡ ዝተኮሳ ዓረር ኣብ ዕላማኣ ቅድሚ ምዕላቡ ጎዪዩ ክቕድማ ይኽእል እዩ" ብምባል ብትምክሕቲ ተዛረበ።

ሰቕ ኢሉ ክሰምዕ ዝጸንሐ እቲ ሳልሳይ ተመሃራይ ፍሽኽ እናበለ፡ "ኣቦይ ሲቪል ሰራሕተኛ'ዩ፡ ሰዓት 5፡ 00 ድ. ቀ እዩ ካብ ስራሕ ዝፍደስ፡ ኣብ ገዛና ዝበጽሓሉ ግን፡ ሰዓት 4፡00 ድ፡ቀ እዩ፡ ብምባል ሰጊንጢር ዝኾነ ግብረ መልሲ ሃቦም።

## ቀመማት ህይወት

• ልብኻ ኑቲ ክንብሎ ዘይንኽእል እያ እትሓትተሉ፡ ብኣንጻሩ ኣዒንትና ኑቲ ክንሓትተሉ እንፍትን እየን ዝነግራ።

• ብርግጽ ደረስቲ ህይወትና ባዕልና ኢና። እንተ ኾነ፡ ብበርዕ ስለ እንጽሕፍ፡ ጌጋታትና ክንድምስሶም ዝከኣለና ኣይኮነን።

• ንዝሓለፉ ንብዓትናን ብኽያትናን እንስሕቀሎም እዋናት ከም ዝመጽኡ ኣጸቢቕና ንፈልጥ ኢና። ንዘስሓቕናናዮም ሰሓቕን ዝሓለፍናዮም ሓጎሳትን እንኹብየሎም ግዜያት ክመጽኡ እዮም ኢልና ግን ፍጹም ሓሲብናዮ'ውን ኣይንፈልጥን።

• ልቢ ንዓይኒ ብዙሕ ኣይትርኣዩ ምኽንያቱ ብዙሕ ስለ እተሳቕየኒ ትብሉ፡ ዓይኒ ከኣ ንልቢ፡ ብዙሕ ስምዒታዊት ኣይትኹኒ ምኽንያቱ ኣብ ስምዒት ኣቲኺ ከም ዝሓበዕ ስለ እትገብርኒ ክትብል እያ እትምልሰሉ።

• ኣብ ህይወት እቲ ዝተመሃርካዮም ዝኸበዱ ነገራት እንተ ደኣ ሃልዮም፡ መዓስ ካብ ክንርሕቆም ዝዋቦኣና ነገራት ንርሕቕ፡ ካበይናይ ነገራት ንርሕቖን ብኸመይ ንርሕቖን እዩ።

• ዝተሰብራ ኣኽናፍ ፍጹም ዘይጠቕማ እየን ማለት ኣይኮነን። እንተ ውሒደ ንዝፍር ምንባርና'ውን ክሕብራናን ከዘኻኽራናን ይኽእላ እየን።

• ብዙሓት ሰባት በይንና ክርእዩና እንከለዉ፡ ብጽሞና ተዋሒጥና ዘለና ክመስሎም ይኽእል እዩ። እቲ ሓቀኛ ጽምዋ ግና፡ ምስ ጌጋ ሰባት ምንባር እዩ።

• ንሰባት ኢልና ገዛእ ርእስና ኣይንቕየር። ንሓቀኛ መንነትና ዘፍቅሩ ሰባት'ዮም እቶም ሓቀኛታት ኣፍቀርቲ።

• እቲ ኣዝዩ ዝኸበደ ክፋል ህይወትና፡ ዝርድኡና ሰባት ብዘይምህላዎም ዘይኮነ ንገዛእ ርእስና ምርዳእ ክንስእን እንከለና'ዩ።

• ኣብ ናይ ቋሕ ሰም ግዜያት፡ ነገራት ክቕያየሩ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ፡ ቀጻሊ ንብደላት ክንሓድግን ኣብዚሕና ክንፍቅርን ይግባእ። ምኽንያቱ እዞም ዕድላት መዓስ የቋርጹ ስለ ዘይንፈልጥ።

• እንሓንሳእ ሰባት ኣብ ልብኻ'ምበር ኣብ ህይወትና ክህልዉን ክነብሩን ከም ዘይክእሉ ምዝካር ኣገዳሲ እዩ።

• እቶም ዝሓለፍናዮም ጌጋ ዝምድናታት እዮም ኑቶም ቅኑዓት ዝምድናታት ከለሊ ዘብቅዑና።

• ንዝኾነ ሰብ ካልኣይ ዕድል ክንሆቦ ድሕር ኣይንበል። ንተመሳሳሊ ጌጋን በደልን ግን ፍጹም ዕድል ኣይንሃብ።

• ኣብ ሓጺር ህሞት ንምሉእ ዕድመኻ ከሳቕየካ ዝኽእል ነገር ክትፍጽም ትኽእል ኢኻ። ስለ'ዚ ብእትገብሮን እትዛረቦን ኣዚኻ ጥንቁቕ ኩን።

# ፕላስቲካዊ መጥባሕቲ ንጥዕና ጸ . . .

ዳህላክ ነጋሲ

ኣብ ኩሉ መዳያት ህይወት፡ ዕግበት እንተዘይሃልዩ ምሉእነት ኣይስመዓካን እዩ። ዕግበት ክህሉ እንተኾይኑ ደሞ ፍቕሪ፡ ሓጎስ፡ ቅሳነት፡ ተስፋ፡ ምስጋና ኰታስ እወታዊ ኣመለኻኽታን ኣተሓሳስባን ዘማዕብሉ ኣምራት ዝሓቑፍ እዩ። የጉዳይ ድሌታት ወዲ ሰብ ደረት ስለዘይብሉ፡ ብኹሉ ክትዓግብ ከቢድ ይኸውን። ብዙሓት ሰባት ነቲ ዝሓለንዎን ዝተመነይዎን ጨቢጦም ክሳዕ ሸውሃት ድሌታቶም ግን እናኣፍሓ ይመጽእ። ናይ ሎሚ ትርጉም ምንባርውን ከየስተብሃልካ ንዝደራረብካ ጸቕጢ ከስዕበሉ ዝኽእሉ እሞ ኣብ መንኣ ሎምን ጽባሕን ተቐርቂርካ ዝተረፉ ብዙሓት እዮም።

ደቂ-ኣንስትዮ መንነትናን ምስልናን ብውሽጣውን ደጋውን ጽባቐና ክገልጽ ይኽእል እዩ። ውሽጣዊ ጽባቐ ገለ ክፋሉ ምስና ዝፍጠር ኰይኑ፡ ክቐየር ወይ ክመሓየሽ ይኽእል፡ ከም’ኡ’ውን ብልምዲ፡ ፍልጠት፡ ኣተሓሳስባን ኣመለኻኽታን ዝያዳ ይደምቕ። ደጋዊ ጽባቐ ድማ ብተፈጥሮ ዝውሃብ ኰይኑ፡ ብጥዕሚ መኣብሮ፡ ክኒታት ኣየርን መመላኽዕን ክኸላዕ ይኽእል ይኸውን። ካልእ፡ ውሽጣዊ ጽባቐ ብግዜን ኩነታትን ከይተቐየረ ምስና ዝነብር እዩ። ብኣንጻሩ፡ ደጋዊ መልክዕ ግዜኡ ኣኺሉ ዝረግፍ እዩ። ከንዲ ዝኸፈ ነቲ ፈጣሪ ዝሃበና ደጋዊ ምስሊ ክንቅይሮ ወይ ክንልወጦ ቅኑዕ ኣይኮነን።

ኣብዚ እዋን ደቂ-ሰብ ከንዲ ውሽጣዊ ጽባቐኦም ንምኽሳብ ዝጽዕቱ፡ ዝያዳ ንጉዳይ ጽባቐ ልዑል ኣተኩሮ እናሃብዎ ይርከቡ። ብዙሓት ዘይሃስስን ዘይብልን ውሽጣዊ ጽባቐ ንምድላብ ካብ ዝነብርዎ ጻዕሪ ወቕቱ ሓልዩ ንዝረግፍ ደጋዊ ጽባቐ ንምውሓን ብዙሕ ሃለኽለኽ ክብሉ ይረኣዩ። ካብ ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት እውን እንተ ተመልከትና፡ ብፍላይ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ሕብረተሰብን ሰላሳብትን ማርኽትን መታን ክኾና እተፈላለዩ ባህላዊ መመላኽዒ ክጥቀማ ይግደዳ ነይረን። በዚ ሰልሓሰብ እናተኸሰኽሰት ዝመጸኣት ጓል-ኣንስተይቲ ቅድሚ ውሽጣዊ ጽባቐ ደጋዊ ቀዳምነት ክትሰርዖ ግድነት እዩ። ካብዚ ዝተበገሰ ይመስለኒ፡ “መልክዕ ደአ ሃበ እምበር፡ ውሕልነትሲ ካብ ጎረቤተይ እመጽኦ” ዝብል ምስላ ኣብ ሕብረተሰብ ሰሪጹ ዘሎ። ሎሚ ደቂ-ኣንስትዮ ብእተፈላለዩ ኬሚካላት ዝተዳለወ መመላኽዒታት ብምጥቃም፡ ብዝኣር መን ከም ዘቐመጦ ዘይፍለጥ መለክዒታት ንምምላእ ‘ጽብቕቲ’የ ዝብል ሓረግ ክደግሞ ወይ ዘይምስለን ንምውናን ብዙሕ ገዚበን ግዜን ክጠፍኣ ይረኣያ። ኣብዚ እዋን ቀንዲ ስግኣት ዝፈጥር ዘሎ ድማ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ጠቕሊለን መልክዐን ንምቕያር ፕላስቲካዊ መጥባሕቲ ከም ቀንዲ ኣማራጺ ይጥቀማሉ ምህላወን እዩ።

ኣብ ኢንዱስትሪታት ክፈርዩ ዝጸንሑን ዘለዉን ዝተፈላለዩ መመላኸዒታት፡ ኣብ ተጠቀምቲ ዝገድፍዎ ኣሉታዊ ሳዕቤን ብተደጋጋሚ ይሕበር እዩ። መብዝሕትአን ደቂ-ኣንስትዮ ብደጋዊ ምስለን ዕግበት እንተ ዘይሃልየወን ነቲ ኬሚካላዊ መመላኽዒ ክጥቀማ ይጅምራ፤ እቲ ዝያዳ ንኽደምቃ ዝፈለመኦ ኬሚካላት ምስ ግዜ ከም ወልፊ ማዕበሉ፡ ካብ’ቲ ሓደ ፍርያት ናብ’ቲ ካልእ ክሰጋገራ መሪሕ ወጊሓ ትዓርብ። ስለዚ፡ ድሕሪ ዝተወሰነ ዓመታት ድማ፡ እቲ ቀመማት ለውጢ ናይ ምፍጣር ዓቕሙ ስለ ዝጎድል፡ ኣብቲ ዘዘውትረኦ ዝነበራ ክፍሊ ኣካላተን






ኣሉታዊ ሳዕቤኑ እናሓየረ ይመጽእ።

ኣብ’ዚ እዋን ብደጋዊ ትርኢቶም ዘይዓግቡ ሰባት፡ ክንጽ ኬሚካላዊ መመላኽዒ ዓይነትን ንኣሸቱን ፕላስቲካዊ መጥባሕትታት ብምኽያድ፡ ጠቕላላ ምስሊ ሰብነቶም ንምቕያር ኣብ ምጉያይ ይርከቡ። ኣብ ዕዮ ፈጣሪ ብምእታው፡




ንቕርጺ ኣካላቶም ከጋዝፉን ከንእሱን ብዙሕ ወጻኢታት የፍስሱ ኣለዉ። ዝጠዘሉ ካብ’ቶም ነቲ መጥባሕትታት ዝገብሩ ሰባት፡ ሓንሳብ እንተ ጀሚሮም፡ ካብ ኣፍ ናብ ኣፍንጫ፡ መንጋጋ ...



እናበለ ብዘይ ዕጉብ መንፈስ ካብቲ ሓደ ናብቲ ኻልእ ክተጣጠፉ ይውዕሉ። ንሎሚ ካብ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ፕላስቲካዊ መጥባሕትታት ምስ እንዕዘብ፦

ቀዳማይ፡ ድንገተኛ ኣብ እዋን መጥባሕቲ ኪጋጥም ዝኽእል እተፈላለየ ሓደጋታት። ኣብ እዋን መጥባሕቲ ካብ’ቶም ዘጋጥሙ ሓደገኛ ተርእዮታት ምርጋእ ደም፡ ማህሰይቲ መትንታት፡ ረዕዲ፡ ሕጽረት ትንፋስ፡ ዘውሓ. ቁርበት (ስርበት)ን ካልእ ጸገማትን ኪጋጥም ይኽእል። ከም’ኡ’ውን እቲ መጥባሕቲ ዝዑበር ሰብ ሽጋራ ዘትክኽ ምስ ዝኸውን ኣብ ኣካላቱ ዝኽሰት ወይ ዝፍጠር ቀነስ. ንኽሓዊ ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል። ንኣብነት፡ ቀልጢፉ ዘይሓዊ ረኽሲ ምስ ዝኽሰት፡ ንዕኡ ንምፍዋስ ካልእ መጥባሕቲ ክካየድ ይግደድ።

ካልኣይ፡ ብዙሕ መጠን ገንዘብ ክጠልብ ይኽእል። ፕላስቲካዊ መጥባሕቲ ንምኽያድ ኣዝዩ ልዑል መጠን ገንዘብ’ዩ ዘድልዩ። እቲ ብዙሒ ገንዘብ ብመሰረት ዓይነት መጥባሕቲ ዋጋኡ ዝፈላለ ኰይኑ፡ ብዘይ እኹል ገንዘብ ኣብ ዊን ዝበለካ እዋን ክፍጸም ኣይክእልን። ብተወሳኺ፡ ኣብ’ቲ መዳይ ማጠን ክፍሊት ብተመኩሮ ናይቲ ነቲ ዕማም ዘካይድ ሓኪምን ሕልኽልኻት ናይቲ መስርሕን ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ። ኣብዚ እዋን ፕላስቲካዊ መጥባሕቲ ተጠላቢነቱን ተፈላጥነቱን እናዓበየ ይመጽእ ስለዘሎ፡ ኣእቢ ጽባሕ ዋጋኡ ክውሰኽ ይረአ እዩ። ብዘይካ’ዚ፡ ዝጠልቦ ንውሓት ግዜ ኣብ ፍኹስነትን ርዝነትን ናይቲ መጥባሕቲ ስለ ዝምርኩስ እቲ መጥባሕቲ ዝዑበር ወልቀሰብ ካብ መዓልታት ክሳብ ሰሙናት ካብ ስርሑ ክኸወር ይግደድ። ከም ሳዕቤኑ፡ ክየጸሉ ዝጸንሑ ግዜ ስለ ዘጥፍኡ ቀጠባዊ ሃሰያኡ ዝኸፍአ ይኸውን።

ሳልሳይ፡ ስምዒታውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሃሰያ ከስዕብ ይኽእል። እቶም ብሰንኪ ዘይዕጋበት ብተደጋጋሚ መጥባሕቲ ዘካይዱ ሰባት፡ ኣብ ጥዕናኦም ዘውርዶ ሃሰያ ከቢድ እዩ። በቲ ሓደሽ ኣብ ኣካላቶም ዝመጽእ ለውጢ ዕጋበት እንተ ዘይሃልዮም፡ ንዝተበላሸወ ንኽጽግኑ ብተደጋጋሚ መጥባሕቲ ብምግባር፡ ዝተሰምዎ ደረት ንምብጻሕ ኣብ ቅድድም ጸባቐ ይጽመዱ። እንተኾነ ኣብ ክንዲ እንሓደሩ ዝጽብቁ ዝቖደመ ምስሎም ሃሰሱ ከይዓገቡን ከይተሓገሱን ይነብሩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ጭንቀት ወዲቖም ካብ ሰባትን ሓደሽ ምስሎምን ክሃድሙ ይፍትኑ።

ሓደ ንፋልማይ መጥባሕቲ ዘካይድ ሰብ፡ ኣብ ኣእምሮኡ ዝሰኣሎ ምስሊ ክህሉ ግድን እዩ። እንተኾኑ ኣንጻር’ቲ ዝሓለሞ ካልእ ዘይተጸበዮ ትርኢት ምስ ዝኸሰት ኣብ ኣእምሮኡ ዝህልዎ ኣሉታዊ ጽልዋ ልዑል እዩ። እቲ ንኽጽብቐ ዝተበገሰ ሰብ ካልእ ጥዕናዊ ጸገም ስለ ዘጋጥሞ፡ ነቲ ሓደሽ ኩነት ንኽቕበሎ ናብ ሓኪም ስነ-ኣእምሮ ክኸይድ ይግደድ።

ራብዓይ፡ ኣካላዊ ቃንዛ ኪጋጥም ይኽእል። እቶም ኣካላዊ ጉድኣት ዘጋጥሞም ሰባት፡ ብቐንዱ እቶም ብተደጋጋሚ መጥባሕቲ ዘካይዱ እዮም። ካብ’ቲ ብቐጻሊ ዘጋጥም ሕማም ዕጥርጥር፡ ተምላሱ ቃንዛ ርእሲን ንዊሕ እዋን ዝቐጽል ቃንዛን ክጥቀስ ይኽእል። ሓደ ካብዞም ተርእዮታት ንሓያሎ እዋን ክቕጽል ዘለዎ ተኽእሎ ድማ ልዑል እዩ። ከም’ኡ’ውን ኣብ ከባቢ እቲ መጥባሕቲ ዝተኻየደሉ ክፍሊ ሰብነት ነድሪ ክኽሰት ይኽእል።

ሓሙሻይ፡ ብኽትት ብዙሕ መጠን ደም እዩ። ምፍሳስ ብዙሕ መጠን ደም፡ እቲ ብቐንዱ ኣብ መጥባሕቲ ዘጋጥም ጥዕናዊ ሃሰያ እዩ። ብሰንኪ ኣብ እዋን መጥባሕቲ ዝኸሰን ብዙሕ መጠን ደም፡ ኣብ ደም ዝርከቡ ህይወታውያን ይጠፍኡ። ከም’ኡ ድማ ካብ’ዚ ዝኸፍአ ንሞት ዘቃልዕ ኩነት ክፍጠር ይኽእል። ከም’ቲ ንማስዋእቲ ኣብ ቅድሚ ካራ ዝተቐረበ እንስሳ፡ ሰበውን ብምሉእ ድሌቱ ንኽጠብሕዎ ብዘተዓለወ. ሕክምናዊ መሳርሒታት ቅጭጭ ከይበሎ፡ ኣብ መንጎ ሞትን ህይወትን ተቐርቂሩ ብዛዕባ ደጋዊ ጽባቐ እንክሓስብ ዘገርም እዩ።

ሻዱሻይ፡ ልዑል ተኽእሎ ነድሪ ኪጋጥም ይኽእል። ወልፊ ፕላስቲካዊ መጥባሕቲ ሒዝዎ፡ ናብ ልዳት ሕክምና ክመላለስ ዝውዕል ሰብ፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ነድሪ ወይ ኣለርጂ ኪጋጥሞም ግድን እዩ። ሳሕቲ በቲ ዝስዕብ ነድሪ ሓሚሞም ንመዓልታት ዝደቀሱ ሰባት’ውን ወሒዶም ኣይኮኑን።

## ዘይጽንቀቕ ውሽጣዊ ጸጋ . . .

ኣብ’ዛ ዓለም መን’ዩ ሕጉስ? እቲ ብዘለዎ ጸጋ ዓጊቡ ዝጉዓዝ ወይስ እቲ ትማሊ ዝሓለፎ ሎሚ ጨቢጡ ክንሱ፡ ዕጋበትን ሓጎስን ከይተሰመዖ ወትሩ ኣብ ቅድድም ተጸሚዱ መቐረት ህይወት ከየስተማቐረ ዝሓልፍ፧ ሓጎስ ካብ ውሽጥና ዝፍልፍል ጸጋ እዩ። ሓጎስ ብገንዘብ፡ ብንዋት ኮታስ ብሀገራት ክፍጠር ዝኽእል ኣይኮነን። እቲ ምንታይ፡ ንዋት ግዜያዊ ደስታ እንተ ዘይኮይኑ፡ ነባሪ ሓጎስ ክፈጥር ዘለዎ ተኽእሎ ምሕር ጸቢብ እዩ።


ዓበይቲ ርሻናትን ቪላታትን ብሉጻት ተሽከርከርቲን ናይ ውልቂ ነፈርትን ዝወነኑ ብዙሓት ሰባት፡ ብስእነት ሓጎስ ተሳቒዮም፡ ንገዛእ ህይወቶም ዘጥፍኡን ከጥፍኡ ዝደናደዩን ኣለዉ። ነታ ወግሐ-ጸብሐ ክረኽብዋ ዘናድይዋ ሓጎስ፡ ቀጻሊ ዘይተኣደነ ገንዘብ እናፍሰሱ ክረኽብዋ ክጽዕሩ ይረኣዩ። ሓጎስ ካብ ግዳም ዝዕደግ ኣቕሓ ኣይኮነን። እቲ ምስ ኑብሱ ብፍጹም ዘዕልል፡ ኑብሱ ዝፈልጥ፡ ንኹሉ ጸቡቓን ሕማቓን ጎድንታቱ ተቐቢሉ፡ ንገዛእ-ኑብሱ ዘፍቅርን ዝፍለጥን ሰብ ግሉጽ ርኹብ ምስ ገዛእ ኑብሱ ስለ ዘለዎ፡ ሰላሙ ኣብ ውሽጡ ምኳኑ ኣሚኑ ይጉዓዝ። እቲ ጥዑይ ኣእምሮ ዘውንን ንሕልናኡ ኣቕሲኑ፡ ብሕጉስ መንፈስ ንህይወት ይነብራ።

ደቂ-ሰብ ቀጻልነቶም ውሑስ ኩይኑ ንኽቕጽል፡ ዘድልዮ መሰረታውያን ጠለባት ኣለዎም። እንተኾኑ፡ ብዙሓት ሰባት ንገለ ካብ’ቲ ቀረባት ቀጻሊ ይተርፍ ሳሕቲ’ውን ንኽረኽብዎ ጋዶ እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ጎደና ብዘይ መጽለሊ ዝነብሩ ሰባት፡ ኣብ ዓለም እቶም ዘደንግጹ ሰባት ክመስሉ ይኽእሉ’ዮም - ነቲ ብደገ ዝዕዘቦም። እንተኾኑ፡ እቲ



ሓቂ ኣንጻር እቲ ብጉዳም እንትንትና ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ርእሲ’ዚ፡ ሓጎስ ኣብ ምውናን ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ምምናይ’ውን ይርከብ እዩ። ንሓደ ነገር ስለ ዘጨበጥካዮ ጥራይ ሕጉስ ትኸውን ማለት ኣይኮነን። ኣብ ገለ ኣጋጣሚ ነቲ እትደልዮ ምስ እትረኽቦ’ውን ዝበዝሖ ሓጎስ ቅሂሙ ክተርፍ ይኽእል። ብኣንጻሩ፡ ንኽትጉናጸፎ ኣዝዩ ርሒቑ ዝዘሎ ትልሚ፡ ብዛዕባኡ ብምሕሳብካን ብምምናይካን ጥራይ ውሽጣዊ ሓጎስ ክስመዓካ ይኽእል።

ዕምሪ ህይወትና ብጠደብ ዝተሓጽረ እዩ። ሰባት ነታ ናብ ዓለም ዝተቐልቀልና ዕለት እንተ ዘይኮይኑ፡ መዓስ ካብ’ዛ ምድሪ ንፍለ ኣይንፈልጥን ኢና። ስለዚ፡ ንሎሚ ብዝምሉእ እናስተማቐርና፡ ንጽባሕ ብሕጉስ መንፈስን ተስፋን እንተ ኣማዕደናዮ ይሓይሽ። ንሎሚ ደፊንና ብዛዕባ ዘይረኣናዮ ጽባሕ ምሽጋርን ምምራርን፡ ንዕምርና ኣሕጺሩ ኣብ ታኸሲ ጭንቀት ዘሰጥም እዩ። ሓጎስ ከም ዘረት ደምና ካባና ናባና ምኳኑ ኣሚንና፡ ኣብ ዘብሎጭልጭ ዓለም ኣብ ክንዲ ምንዳዩ ነቲ ጸጋ ዝምንዘዮና ሓይሊ ከም ዘለ ኣስተውዒልና ምስ ገዛእ-ርእስና ሰላም ክንስፍን ዘለና እዩ። ብዛዕባ ጉዕዞ ምንባር ከስቁርቁር፡ ጣዕሚ ህይወት ከየስተማቐርናዮ ከይሓለፈና ከስተብህል ይግባእ።



# ካብ ታሪኽ ሰውራና




መሓመድ እድሪስ

## ጉዕዞ ናብቲ ዓቢ ደጀን

8ይን መወዳእታን ክፋል

እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ገድሊ ካብ ውልቃዊ ትዕዝብትታት፡ ኣብ ሰውራን ድሕሪ ናጽነትን ካብ ዝተጻሕፈ መጽናዕታዊ ጽሑፋትን ዛንታታት ተመኩሮ ገድልን ከምኡ'ውን ካብ ኣርካይቭ ጨ/ስእሊ ሚ/ዜናን ካልእን ዝተወሰደ ስእላትን ስእልታትን ምኽኑ ዘፍኽር።





ስዉእ ረዘነን ኣቡ-ሻምን ኣብ መበል 26 ዙርያ ካድር ዝተሰኣሉዎ ስእሊ

እቲ ብኦሮታ ዝፍለጥ ዓቢ ሆስፒታል ሰውራ ቡቶም ካብ ዝተፈላለየ ግንባራትን ድሕሪ መስመርን ዝመጽኡ ውጉኣት ኣዕለቕሊቑ ጸኒሑና። እቶም ውጉኣት ገሊኦም ሓውዮም ቡተን ንሕና ዝመጻእናለን መኪይን ናብ ቦታኦም ማለት ናብቲ ጽዕጹዕ ኩናት ዝካየደሉ ዝነበረ ግንባራት ክምለሱ ከለዉ፡ እቶም ገና ዘይሓወዩ ግን ክሳብ'ቲ ዝተሰወነሎም ግዜ ክጸንሑ'ዮም።

ሽዑ ንሕና ኣብ ጋንታ 12 ምስ ኣተና ኢና ኣብ ካልኣይ መዓልትና እቲ ናይ ትራክሽን (ንመሓውር ብብቑሩብ ብምስሓብ ወይ ብምምናዕ ዝግበር ዓይነት ፍወሳ) መስርሕ ዝተኻየደልና። ንግሆ ዶ/ር ኣፈወርቂ መጺኡ መደንዘዚ ድሕሪ ምውጋእ፡ ሓደ በሊሕ ፒን (ምስማር መሰል) ሒዙ፡ ብማርቴሎ ኳሕኳሕ እናበለ ልክዕ ከም ምስማር ኣብ ጣውላ ዝወግእ ዘሎ ክመስል ኑቲ ኣብ መንነ በራቑቶናን ብርክናን ዘሎ ዓጽሚ ቡቲ ፒን ኣንኮሎ። እዚ ኣገባብ'ዚ፡ ደሓር እቲ መሳርሒታት ናይቲ ሆስፒታል እናማዕበለ ምስ ከደ ተረፉ። ክንዲ ብማርቴሎ ዝኾውን ብኤሌክትሪክ ከምዝኾውን ተገይሩ። እቶም ድሕረና ዝተወግኡ ድማ ዕድለኛታት'ዮም፣ እቲ ናይ ትራክሽን መስርሕ ብዘቖለለን ብዘጸፈፈን ኣገባብ ይካየደሎም ነይሩ።

ንሕና'ውን ዕድለኛታት ኢና። ምኽንያቱ ካብቶም ቅድመና ኣብ ሱሳታት ወይ መጀመርታ ሰብዓታት ዝውግኡ ዝነበሩ ተጋደልቲ እዚ ናትና ዕድል ኣይረኸቡዎን ነበሩ። እቶም ኣብቲ ሕክምና ሰውራ ዘይነበረሉ እዋን ዝውግኡ ዝነበሩ ተጋደልቲ፡ ዳርጋ ኣእጋሮምን ኣእዳዎምን ብዘረሰኑ ጤል ዝሕረደሉ ካራ፣ ዓይኖም እናረኣዩን ኡይ እናበሉን ብዘይ መደንዘዚ ንጹህ መሳርሕን ይቖርጹሎም ከም ዝነበሩ፣ ኣብቲ ብክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት ዝተሓትመ 'ዘይተነግረ ገድሊ' ዝብል መጽሓፎም ኣንቢበዮ።

ጥንቅልዒት ደቂስና ኣብ ትራክሽን ድማ ዳርጋ ክልተ ወርሒ ገይርና። ኣብተን ክልተ ኣዋርሕ፡ ደሃይ ናይቲ መዋግእተይ ረዘነ ኣርኣያ ኣይረኸብኩን፡ እቲ ሓሸምሸም ዝበለ እግሩ ካብ መቑረጽቲ ድሒኑ ድዩ ዋላስ ተቖሪጹ ኣይፈለጥኩን። ኣነ ግን ትራክሽን ምስ ተገብረለይ'የ እግረይ ከም ዘይቁረጽ ዝተኣማመንኩ።

ኣብዚ ዘይርሳዕን ዝያዳ ክብሪ ክወሃበሉ ዝግባእን ተራ ናይቶም ክንዲ እዚኦም ውጉኣት ዝሕክሙን ዝከናኸኑን ዝኣልዩን ዝነበሩ ሓካይምን ተሓጋገዝቶምን'ዩ። ሎሚ ክዘክሮ ኣዝዩ ይገርመኒ፡ ኣብቲ ርሱን ኩናት ዝካየደሉ ዝነበረ እዋን፡ እቶም ሓካይም ብመሰረቱ ዕረፍትን ድቃስን ኣይነበሮምን። ቀጻሊ ንዝተወጽዑ ውጉኣት ክሕክሙን መጥባሕቲ ክገብሩን፡ ወዲእና እናበሉ ሓደስቲ ውጉኣት እናሰዓቡ፡ ህይወት ተጋዳላይ ከድሕኑ፡ ለይቲ ምስ መዓልቲ ብዘይ ዕርፍቲ ህይወቶም ክዕንግሉ ዝይክእሉ እዋን ነይሩ። ተራ ሓካይም ሰውራ፡ ሎሚ ከምዚ ነይሩ ኢልካ ክተዘንትወሉ ንርእሰኻ ክተኣምኖ'ውን የሸግር'ዩ።

ብፍላይ ኣብቲ ንሕና ደቂስናሉ ዝነበርና ኣስታት ዕስራ ውጉኣት ዝነበርናሉ ትሕቲ መሬት ዝተሰርሐ ገዛ፡ እተን መብዛሕትኣን ትሕቲ ዕስራ ዓመት ዝዕድመአን ደቂኣንስትዮ ኣባላት ሕክምና ተጋደልቲ፡ ነቶም ዘይንቀሳቐሱ ውጉኣት ንምእላይ ዝገብረአ ዝነበራ ተራ ቀሊል ኣይነበረ። ኣብ ምምጋብ፡ ኣብ ምሕጻብ፡ ኣብ ምጽራግ ሸንትን ቀልቀልን ናይቶም ውጉኣት ዝነበረ ጻዕሪ ብሓቂ ሎሚ ክትዝክሮ ይገርመካ'ዩ። ሓንቲ ክትጋደል ዝመጽኣት መንእሰይ ምሉእ ሓላፍነት ብጾታ ተሰኪማ፡ ልክዕ ከም ሓንቲ ኣደ ንውላዳ እትገብሮ ክንክን ኑቶም ዝተፈላለየ ጠባያት ዘለዎም ውጉኣት ክትኣሊ፣ ካብ ገሊኦም፡ ካብ ቃንዛ ዝተለዓለ ኑተን ኣባላት ሕክምና ጸርፍን ዘለፋን እናገጠመን፡ ከይተሓለላን ተሰፋ ከይቆረጻን ክጻዋራ ምኽኣለንን እናተጸርፋ ኣጆኹም ኢለን ክምልሳ ከለዋን ብሓቂ ዘገርም'ዩ።

ድሕሪ ክልተ ወርሒ ኣእጋርና ካብ ትራክሽን ምስ ተፈትሐ ብቑጥታ ናብ ኤክስረይ ወሰዱና። ድሕሪ'ዚ ድማ እዩ ከም እንደገና ንዝያዳ ጽገና ናብ ጆሶ ዝተሰጋገርና። ካብቲ ንኽልተ ወርሒ ደቂስናሉ ዝነበርና ገዛ ድማ ኑቲ ብጣውላ ዝተሰርሐ ኣብ ቱሽቱሽ ዝቐርቀር ምርኩስ ተደጊፍና ኣብ ደገ ክንወጽእ ከኣልና። ኣብ ከምዚ ድማ'ዩ፡ እቲ ደሃዩ ስኢነ ዝነበርኩ መዋግእተይ ረዘነ ኣርኣያ ንሱ'ውን ከማይ ብምርኩስ እናተደገፈ ናብቲ ዝነበርናሉ ቦታ ክመጽእ ብማዕዶ ዝረኣኹዎ። ዝያዳ ከረጋግጽ፡ ነታ ቀቢጹዋ ዝነበረ እግሩ - ኣላ ወይስ ተቖሪጻ - ቀው ኢለ ጠመትኩዎ። እንተኾነ ረዘነ ብሳላ'ቲ ኣብቲ ዓቢ ደጀን ዝተገብረሉ ክንክንን ጻዕርን ሓካይም ካብ መቑረጽቲ ድሒኑ።


ድሕሪ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ገሌና ሓዊና ካብ ሕክምና ኣሃዱና ተመለስና። ረዘነ ግን ገና ዘይሓወየ ስለ ዝነበረ፡ ኣብቲ ሕክምና ተረፈ። ደድሕረይ ሓይልና ተኸሊጥ ስለ ዝገበረት ዝበዝሑ ኣባላት ናብ ባርካን ግንባር ሓልሓልን በጺሖም። እታ ኣነ ዝተመደብኩላ መስርዕ ግን፡ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል (ገረግር ኣስመራ) ስለ ዝነበረት ናብኣ ከድኩ።

ድሕሪ ክልተ ዓመት 1984 ብጦፍ ናብ ማእከላይ ቦታና ዓምበርቡብ ምስ ከድኩ'የ፡ ሃንደበት እቲ ኣባል ብርጌድ 31 ዝነበረን ምሳይ ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝተወግአን ኣብ ሆስፒታል ዓሬርብ ዝገደፍኩዎ ረዘነ ኣርኣያ፣ ብኽልተ እግሩ ሓንከስ እናበለ ምስ ተቐበለኒ፡ ካብ መጠን ንላዕሊ ተሓጎስኩ። ንሱ ቡቲ ዝነበሮ መውጋእቲ ናብ ሓይልታት ክምለስ ስለ ዘይከኣለ'ዩ ናብ ትምህርቲን መጽናዕትን ወተ/ሃንደሳ ዝተመደበ። ኣነ ድማ፡ ቀጻሊ ናብ ደጀን ኣብ ዝለኣኸሉ እዋን ምስኡ እሓድር ነይረ። ብኸምዚ ድማ ረዘነ ብትግሃት ኣብ ትምህርትን መጽናዕትን ንገለ ዓመታት ሰሪሑ።

ኣነ'ውን ንኻልኣይ ግዜ ኣብ ሰነ 1987 ናብ ሰንክልና ዙብጸሓኒ መውጋእቲ ስለ ዝጋጠመኒ፡ ድሕሪ ናይ ሽድሽተ ኣዋርሕ ሕክምና ኣብ ዓሬርብ ምስ ሓወኹ፡ ናብታ ረዘነ ዝነበራ ማእከላይ ቦታ ወተ/ሃንደሳ ተመደብኩ። በቃ ካብዚ እዋን'ዚ ንደሓር ኣነን ረዘነን ኣይተፈላለናን። ናጽነት ምስ ኮነ ድማ ኣብ ወርሒ ሓምለ 1991 ካብ ዓምበርቡብ ኣብ ማርቼድስ ተወጢሕና ብሓንሳብ ኣስመራ ኣተና። ድሕሪ ሸውዓተ ወርሒ ኣብ ለካቲት 1992 ኣብ ትምህርትን መጽናዕትን ሃንደሳ መሳርሕቱ ዝነበረን ሽዑ ግን ናብ ክፍሊ ፍትሒ ተቐዪሩ ዝነበረ መሓመድ እድሪስ (ኣቡ-ሻም) ኣብ ከረን ይምርዖ ስለ ዝነበረ፡ ምስ ረዘነ ኣርያን ኢሲያስ ኣብርሃን ካብ ኣስመራ ናብ ከረን ብምኻድ ኣብ መርዓ ብጻይና ኣቡሻም ተሳተፍና።


እቲ መርዓ ንፈለማ እዋን ኣብ ሓራ ኤርትራ ብወግዒ ናይቲ ሕብረተሰብ ዝተገብረን፡ ካብቲ ኣብ ሜዳ ኣብ ትሕቲ ገረብን በዓትን ዝግበር ዝነበረ መርዓታት ገድሊ ዝተፈልየን ነበረ። ኣብ ሓራ ኤርትራ ዝግበር ዝነበረ ብምንባሩ፡ ረዘነ ልዕሊ ኩልና ኣስተማቒሩዎ። ካሜራ ኣምጺኡ ድማ ክስእል ወዓለ። ረዘነ ኣብ ርእሱ ዕማ ጠምጢሙ ምሉእ መዓልቲ ምስቲ ብጻዩን ፈታዊኡን ኣቡ-ሻም እናተዛወረ እንቋዕ ሓጎሰካ ብጻይ ክብሎ ከሎ፡ ኣቡሻም'ውን ክንዲ ሚላኖን ኩሽኽን ክዓን ኣቦኡ ተኾዲኑ ሴፍ ተኸኦልኩሉ ዘወዓለላ ዕለት ነበረት።

ንምሸቱ ድማ፡ ኣነ፡ ወዲ ኣርኣያን ወዲ ኣብርሃን ናብ ኣስመራ ተመለስና። ድሕሪ'ዚ ድማ'ዩ ረዘነ ኣርኣያ ብዙሕ ከይጸንሐ ምስ መሳርሕቱ ኣብ ካልእ መርዓ ብጻዩ ክሳተፍ ካብ ኣስመራ ናብ መንደፈራ ኣብ ዝኸደሉ እዋን፡ እቲ ዘሕዝን ፍጻመ ዘጋጠመ። ካብዚ ኩሉ ኣብ ዘበነ ገድሊ ዘጋጠሞ ሓዊን ሃልሃልታን ከምዘይወጸ፡ እታ ተሳፊሮማ ዝነበሩ መኪና ብምግምጣላ ወዲ-ኣርኣያ ኣብ ጽባሕ ናጽነት፡ ጣዕሚ ናጽነት ኣጸቢቑ ከየስተማቐረ ብድንገት ተሰዊኡ።



## ካብ ቅርስታት ገድሊ ብዛዕባ ድፋዓት ናቕፋ እንታይ ትፈልጡ፧

ፈ ር ኔ ሎ




እዚ ዕርዲ እዚ ኣብ መንጎ እምባ ደንደንን ናኹራን ዝርከብ ክቡብ ኣሉ ትሕቲ ዝበለ ቦታ'ዩ። ፈርኔሎ ሓዊ ዝእጉደሉ ኣቕሓ ኮይኑ፡ ግን ከኣ ዋላ'ኳ ግዝጽግጽ ዝብል ሓዊ እንተሰኣነ ኣሰር ሓዊ ዘይፍለዮ እዩ። ዕርዲ ፈርኔሎ'ውን ጸላኢ መላእ ሻምብቆታት ብረቱን ነፈርቱን ዘቕንዓሉ ቦታ ስለ ዝኾነት ንልዕሊ 10 ዓመታት ከም ፈርኔሎ ትካብን ሓውን ኣይተፈልየን። በዚ ከኾነት እዚ ይትረፍ'ዶ ህይወትን ሓንጎልን ዘለዎ ፍጡር፡ ዋላ'ቲ ዝደቀቐ'ሞ ኣብ ሸውዓተ መንቃዕ ኣትዩ ክጸንሕ ወይ ክነብር ዝኽእል ለመምታ'ውን ንኻልኢታት ጠጠው ክብል ኣይክእልን'ዩ። ተጋዳላይ ግን እቲ ሓደ እናወደቐ፡ ዘይወደቐ እናተክአ ኣሕሊፉ ኣይሃቦን። ጸላኢ ወራር መጺ ንፈርኔሎ ከም ማሰበሪ ናይ'ቲ ግንባር ገይሩ መጥቃዕቱ የትርረሉ ነይሩ። ምኽንያቱ ንዕኡ እንተ ተቖጻጺሩ ብዙሕ ሳዕልን ታሕትን ከይበለ ሩባ ምዖ ሒዙ ንኸተማ ናቕፋ ክኣቱን ኑቲ በረኸትን ጸንዐን ዕርድታት ብሕቑኡ ክጥወዮን የኽእሎ'ዩ። ስለዚ፡ ጽዕጹዕ ውግእ ይፍለዮ ከም ዘይነበረ ንምእማት'ዩ'ም ተጋደልቲ ፈርኔሎ ኢሎሞ።

## መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሕቶታት

1. ምጅማር ሻድሻይ ወራር ብ15 ላካቲት 1982፡ ስርሒት ፈንቅል ካብ 07-10 ለካቲት 1990፡
2. ሚላን ኣረው
3. ሐ/ 130 ታንኪታት
4. ለ/ ኮማንደር (ኣብ 1977 ኣብ ዓደምዘማት ተሰሊባ)
5. ሐ/1100

ሓበን ገብረኣምላኽ - ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

**ASMARA MINING SHARE COMPANY**
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.
Senior Sous Chef
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities

- Performs the Senior Sous Chef duty on the daily activities in the kitchen area and operations.
- Maintain professionalism at all given times.
- Ensure food is produced and served in a timely manner
- Ensure all temperature recordings are recorded and filed
- To provide training and development for department staff in kitchen procedures.
- To provide and record a program of basic training for all new members of staff and to communicate performance and development issues on a regular basis.
- To ensure the kitchen is running in professional manner
- To ensure effective daily communication with relevant departments.
- To liase with the Catering Supervisor and implement new menus.
- To ensure all statutory regulations are adhered to, and to ensure that all employees are trained to uphold the conditions of the food hygiene policies.
- To comply with all AMSC policies and procedures to ensure that all-statutory regulations are observed and that the kitchen comply with these requirements.

Main Function

- Cooking
- Health and Safety
- Administration
- Inventory management (follow the schedule of inventory)
- Ensure fruit and vegetable delivery are as per our requirement.
- Liase with the store team on daily bases.
- Conduct daily toolbox meeting

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

Cooking

- Responsible to ensure that the menu meets the satisfaction of the customer.
- Advise catering supervisor of the weekly and monthly food and ingredients requirement.
- Supervise the Chef de parties on daily kitchen activities.
- Ensure to Provide assistance and leadership in cooking.
- Ensure that the kitchen staff maintain and clean their working areas at all times.
- Ensure the kitchen store stocks are available as per the menu requirement.
- Ensure that the chillers and cold rooms are always clean.
- Ensure to check the quality of fruits and vegetables while receiving and make sure they are stored as per the required standards
- Ensure the food is produced and served in a timely manner
- Ensure the menu is strictly adhered to and items in the store should consume before its expiry date.
- Ensure the kitchen/restaurant and kitchen operations are running as per the set standards
- Ensure to carry out trainings
- Ensure to maintain order and discipline in the kitchen and restaurant during working hours
- Report stock taking of cutlery, plates, cups and other equipment used on monthly bases to Catering supervisor.
- Experience of developing and implementing new menu.
- Checks mise in place before service time and inspects presentation of cooking items to insure that quality standards are met
- Coordinates buffet presentations

Safety

- Knowledge of Health and Safety standard to be applied in working area.
- Attend safety talks each day to create awareness on safety.
- Report a hazard or potential hazard to Chef /alternate Chef.
- Participate in daily cleaning of his/her work station area.
- Ensure that all chemical stock are stored in a safe manner.
- Make sure that the professional equipment is in good conditions and signal any malfunction before it affects the staff or the clients.
- Make sure all hygiene requirements for food safety are on place.
- Make sure tool box talk are conducted as per schedule on daily bases.

Administration

- Provide a weekly menu to Catering Supervisor for approval.
- Report absenteeism on a daily basis to the Catering Supervisor.
- Report stocktaking of table ware and other equipment used on monthly basis to Catering Supervisor.
- Control food cost by assisting in training kitchen staff on the proper method of food preparation and handling including how to handle left over food.
- Coordinate food storage ensuring proper storage and use of both cooked and raw food staff in compliance with food hygiene requirement.
- Be available to oversee unloading and storage control of fruits.
- Provide food requisition to the store ensure adequate provision are made for the next day's cooking.
- Ordering inventory for items included in the dessert menu along with any items featured in any other menus.
- Responsible for making sure that costs are kept within the budget set forth by the AMSC.
- Assists in maintaining security of kitchen including equipment food and supply inventories
- Submits ideas for future goals, operational improvements, and personnel management to Catering Supervisor.

Profile: Qualifications and Experience

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Experience of creating dishes for high volume diners.<br>• Certificate or diploma in Food Production<br>• Awareness in HACCP (Annual Certification) will be an added advantage |
| Working Experience – Nature & Length | • Minimum of 10 years' experience in Catering /Hospitality environment.<br>• Bakery/Pastry added advantage<br>• Possesses and exhibits the drive to provide exceptional service.<br>• Full time flexible hours are required (able to work days, nights, weekends, holidays).<br>• Understanding of professional cooking |
| Technical Skills | • Knowledge of cooking techniques<br>• Knowledge of Health and Safety procedures<br>• Knowledge of different food products.<br>• Able to work at a rapid pace while maintaining attention to detail; ability to multi-task<br>• Must have good supervisory skills.<br>• Must have good communication with cooks and front display.<br>• Must be skilled in time management.<br>• Must have teaching (Culinary)and motivational skills<br>• Ability to manage and control other members of kitchen staff.<br>• Computer Literacy essential added advantage |
| Behavioral Skills | • Interpersonal skills<br>• Team player<br>• Communication (Local language, English added advantage)<br>• Able to work at a rapid pace while maintaining attention to detail; ability to multi-task<br>• Must have good supervisory skills.<br>• Must have good communication with cooks and front display.<br>• Must be skilled in time management.<br>• Must have teaching and motivational skills<br>• Able to work at a rapid pace while maintaining attention to detail; ability to multi-task<br>• Must have good communication with cooks and front display. |

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Sites
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to:
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ቢትኮይን፡ መወዳእታ ምዕራፍ ፍልቀት ገንዘብ

ናትናኤል ግርማይ (ሚጋ)

4ይን መወዳእታን ክፋል

ብመሰረት ቅዋም ኣመሪካ፣ ገንዘብ ምሕታም ይኹን ሳንቲም ምስራሕ ብፍላይ ኣብ ክንዲ ዶላር ወይ ምስ ዶላር ዝወዳደር ብሕጊ ክልኩል እዩ። እንተኾነ በርናርድ ቮን-ታምስ ዝተባህለ ሰብ፡ ነዚ ሕጊ'ዚ ብምጥሓስ 'ሊበራቲ' ወይ ነጻነት ዝተባህለ ናቱ ውልቃዊ ገንዘብ ሓቲሙ። እቲ ባጤራ ብሰለስተ ኣገባብት ዝተዳለወ ኮይኑ፣ ብሳናቲም፣ ወረቓቕትን፣ ዲጂታዊ መልክዕን ነበረ። ቮን-ታምስ፡ ነዊሕ ከይጸንሐ ብምትሓል፣ ሽርሕን ምትምሳይን ተኸሲሱ ተኣሲረ። ቀቅድሚ ምእሳሩ፡ ሓደ ሰርሳሪ ብኢንተርነት ረኺቡ፡ ብዘዕባ ተኸሰሰሉ ዘሎ ጉዳይ ነገሮ። ኣብ 2005 ኣብ ኣምስተርዳም ኣብ ዝተኻየደ ናይ ሰርሰርቲ ዋዕላ ከም ዝፈለጠ እውን ሓበሮ።

ስም ናይቲ ሰርሳሪ ሳቶሺ ናካሞቶ ይብሃል። ዕላማ ንበርናርድ ቮን-ታምስ ዝበጽሐ ሰብ ብኢመይል ረኺቡ፡ ናይ በርናርድ 'ባጤራ ሊበራቲ' ምስ ሓበሮ ንባዕሉ እውን ሓደሽ ባጤራ ናይ ምስራሕ ወኒ ከም ዘሕደረሉ ድማ ነገሮ። ብፍላይ ከኣ 'ሊበራቲ' ብዲጂታት ከም ዝዓለ ምስ ፈለጠ ኣዝዩ ከም ዝመሰጦ ሓበሮ። እንተኾነ ሳቶሺ መን ምዃኑ ዝፈልጥ ሰብ ክሳብ ሕጂ የለን። ምኽንያቱ ዝጠዝሑ ሰርሰርቲ፣ ናይ ሰርሰራ ፍሉይ ስም ስለ ዝዝብሩ እዩ። ሳቶሺ ሓቀኛ መንነቱ ክገልጾሉ ካብቲ ዘይደለየሉ ምኽንያታት ተባሂሉ ዝግመት፡ ምእሳር በርናርድ ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተኾነ ማእሰርቲ በርናርድ ንሳቶሺ ሓሳቡ ካብ ምትግባር ዝዐግቶ ኣይረኸበን። መጽናዕታዊ ጽሑፉ ድማ "ቢትኮይን ማለት - "ካብ መዛና ናብ መዛና ዝዋሃር ኤሌክትሮኒካዊ ናይ ገንዘብ ስርዓት'ዩ" ኢሉ ተርጒሞን ሰመዮን። ነዚ መጽናዕታዊ ወረቐት ድሕሪ ምዝርጋሑ ድማ ተሰወረ።

ቢትኮይን ዲጂታዊ ባጤራን ናይ ኮምፕዩተር ሶፍትዌርን እዩ። ዓባይ ፊደል 'ቢ' ናብ ኩሉም ተጠቀምቲ ሓብራዊት ኮድ ኮይና ብኢንተርነት ዝተራኸበ ኮምፕዩተራት ብምጥቃም ዲጂታዊ ባጤራ ንምስራሕ ትሕግዝ። ቢትኮይን ዘይጭብጦ ባጤራን ዲጂታዊ ገንዘብን ኮይኑ፡ ኣብ መርበብ ኢንተርነት ዝፍጠር፣ ዝኽዘንን ዝለዋወጥን እዩ። ኣብ ጥንኩታት ካብ ዘሎ ገንዘብ (ንሱ እውን ዘይጭብጦ) ዝፈልዮ እንተሃልዩ ከኣ ብሰወር ሰርሳሪ ዝተሰርሐን ኣብ ናይ ቁጽሪ ቅማረታት ዝተሰረተን ስለዝኾነ እዩ። ቢትኮይን "ፕሮቶኮል ክፉት ምንጪ ሶፍትዌር" (open source software protocol) ዝበሃል ኣገባብ ይጥቀም። ፕሮቶኮል ክፉት ምንጪ ሶፍትዌር ማለት እቲ ባጤራ ዝሰርሓሉ ኮድ ንሓፋሽ ክፉት ኮይኑ፡ ዝኾነ ውልቀሰብ ይኹን ትካል ክቆጻጸሮ ኣይክእልን። ብተወሳኺ፣ ኣብቲ ሶፍትዌር ዝዋሃር ለውጢ ንሓፋሽ ክፉት እዩ። እታ ናይ መጀመርታ ኮድ ብሳቶሺ ዝፈረየት ኮይና፣ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብዝተፈላለዩ ዝቑጽሩ ፕሮግራመራት ዝተፈላለዩ ንኣሽቱ ግን ከኣ ብዙሓት ለውጥታት ኣብቲ ምንጪ ናይቲ ባጤራ ዝኾነ ኮድ ይገብሩ ኣለዉ።

ንቢትኮይን "ሰርበተኛዊ ለውጢ" ክሰምዮ ዝኽእል እንታይ እዩ፧

ቢትኮይን ሰርበተኛዊ ለውጢ ክሰምዮ ዝኽእል ንጥንታዊ ናይ ወዲ ሰብ መዋጥርን ናይ ኮምፕዩተር ሳይንስ ጸገምን ስለዝፈትሕ እዩ። እዚ ካብ ኮነ ብጾ ዝዝርጋሕ ሓብሬታ ወይ መዝገብ ክሰድል፣ ክጸዮቕ ወይ ከኣ ክትምየን ይኽእል እዩ። ስለዚ ቢትኮይን ክእመን ይኽእል ድዩ፧ እቲ ዝመጽኣና ሓብሬታ'ኸ ብኸመይ እሙን ምዃኑ ንፈልጥ፧

ኣብዚ ምዕቡል እዋን፡ ቀንዲ ትኹረት ዝድልዩ ጉዳይ፡ 'ብድሕሪ'ቲ ትጥቀመሉ ዘሎኻ ባጤራ መን ኣሎ' ምፍላጥ እዩ። ምኽንያቱ ገንዘብና ናብ ምንታይ ዕላማ ወዒሉ ምፍላጥ ስለ ዘገድሰና። ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ኣብ ባንኪታት ወይ ትካላት ካርድ-ዕዳ (credit card) ዘሎ እምነት ዓቢ እዩ። እዘን ትካላት ገንዘብ ኣብይን ብኸመይን ይኸይድ ኣሎ ዝቆጻጸራ ኮይነን፣ ነዚ ኣገልግሎት'ዚ ድማ ክብሪ ዝኾነ ክፍሊት የኽፍላ። እቶም ዓማዊል ናይዘን ባንኪታት መዝገብ ናይ ኣታውን ወጻእን ሚዛናዊ ክኸውን እዩም ዝደልዩ። ቢትኮይን ከኣ ነዘን ኣብ ፋይናንሲያዊ ዕድጊ ከም ደቂ መንጎ ኮይነን ረብሓ ዝረኽባ ጥንኩታት ዝኣሊ፣ ዝሓስረ፣ ዝቐልጠፈ ከም ኡ'ውን ወሓስ ምዃኑ እዩ ዝገልጽ። ግን እኮ ቢትኮይን ዲጂታል እዩ። ስለዚ ልክዕ ከም ሙዚቃን ተንቀሳቓሲ ስእልን ብቐሊሉ ክቕዳሕን ዝኾነ ሰብ እውን ሚልዮናት ቅዳሓት ክሰርሓሉ ይኽእል እዩ። እሞ ብኸመይ ደኣ ተኣማኒ ባጤራ ክኸውን ይኽእል፧ እቲ መልሲ ብመሰረቱ ኣብ ናይ ሳቶሺ ምህዞ ኢና ንረኽቦ።

ቢትኮይን ከም ኣብ ኮምፕዩተር ዝርከብ ፋይል ማለት ክቕዳሕን ክባዝሕን ዝኽእል ዘይኮነ፡ ኣብቲ ንሓፋሽ ክፉት ዝኾነ ብሎክ ቸይን ዝበሃል (blockchain) ሓብራዊ ማዕከን ዳታ (data base) እተትሕዎ ብኮድ ዝተሰየ ሓብሬታ እዩ። እዚ ማለት ቢትኮይን ኑቲ ኣቐድም ኣብልና ጥንኩታት ዝመዝገኡ ዘይጭብጦ ገንዘብ ዝበልናዮ ኣገባብ ዝመሳሰል ኮይኑ፡ ከምቲ ሰድራቤት መዲቺ ኣብ ጥንታዊት ሮማ ዝሕዝዎ ዝበሩ ናይ ዕዳ መዝገቡ ወይ ከምቲ ኣብ ጥንኩታት ኣብ ናይ ነፍሲ ወከፍ ዓሚል ዘሎ ናይ ኣታውን ወጻእን ሕሰባት መዝገብ ማለት እዩ። እንተኾነ ኣብ ቢትኮይን፡ እቲ መዝገብ ባዕሉ እቲ ብሎክ ቸይን ዝበልናዮ እዩ። ኣብዚ ዲጂታዊ መዝገብ'ዚ፡ ነፍሲ ወከፍ ዕድጊ ተመዝጊቡ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ዕዳጋ ዘላ ቢትኮይን ከኣ ካበይ ናበይ ከም ዝኸደትን ንጹር ሓብሬታ ኣሎ። ስለዚ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ዝፍጠር ወይ ዝምስራሕ ገንዘብ የለን። ብተወሳኺ፡ ኣታዊን ወጻኢን ኩሉ ግዜ ምስ ተመዓራረዩ እዩም። ምኽንያቱ ቢትኮይን ካብ ቁጽጽር ዕዳጋ ክሕተም ይኹን ክወጽእ ስለ ዘይክእል። ሓደ ሰብ ቢትኮይን ካብ ሕሳቡ ናብ ካልእ ምስ ዝሰድድ፡ ተቐባሊ፡ ስልጣን ወይ ሓይሊ ኣብ ልዕሊ እታ ዝተሰደደትሉ ኮድ ይህልዎ ማለት እዩ። እታ ኮድ ኑቲ ወናኒ ናይታ ቢትኮይን ፍሉይ ዝኾነ መፍትሕ ትህቦ። በዚ መፍትሕ'ዚ ተጠቒሙ ከኣ ኑታ ኮድ ናብ ዝኾነ ሰብ ክሰዳ ኣብ ኢመይል ክሕዛ፡ ፓስዎርድ ክገብረላ ይኹን ካልእ ንኽገብር ምሉእ ቁጽጽር ይህልዎ ማለት እዩ። እቲ ዝገርም ከኣ ኣብ ቢትኮይን ዝዋሃር ዝኾነ ዕድጊ፡ ኣብ መርበብ ኣቲኻ ስለ ትገብሮ፡ መዝገብ ሕሳብ ናይ ሓደ ውልቀ ወናኒ ቢትኮይን ምስ ናይ ካልእ ወናኒ ቢትኮይን እናተመዓራረየ እዩ ዝኸይድ። ንኣብነት ኣነ 1000 ቢትኮይን ካብ ሕሳበይ ናብ ሕሳብ ወልዳይ ምስ ዝሰድድ፡ ኣብ ሕሳበይ ናይ 1000 ቢትኮይን ጎደሎ ክርኢ ከሎ፡ ኣብ ሕሳብ ወልዳይ ከኣ ናይ 1000 ቢትኮይን ወሰኽ የርኢ። ልክዕ ከምቲ ኣብ ናይ ጥሕ መዝገብ ዘሎ ናይ ዕዳን መኽሰብን ተመዓራራይነት (debit-credit balance) ዘመሳስል እዩ።

ብቢትኮይን ዝዋሃር ነፍሲ ወከፍ ዕድጊ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኮምፕዩተር ወይ ንኡስ ቢትኮይን (bitcoin minor) ኢልና ንጽውዖ፡ ካብ ሰዓዳይ ናብ ተቐባላይ ብዝተመሳሰለ ቅዳሕ ናይ ቢትኮይን ይሰጋገር። እቲ ብሎክቸይን ዝበልናዮ ሓብራዊ መዝገብ ከኣ ንሓፋሽ ክፉት ስለዝኾነ፡ ውልቀሰብ ይኹን ትካል በይኑ ክቆጻጸሮ ኣየፍቅድን እዩ። እተን ናይ ቢትኮይን ዓድንቲ ወይ ሓደሽቲ ኮዳት ብምፍራይ ምስ ዕዳጋ ዝዓ ብዝሒ ቢትኮይን ንክህሉ ዝበራ ኮምፕዩተራት ከኣ ንስርዓት ዕድጊ ዘረጋግጽ ኮይነን ኑቲ መርበብ ከኣ ውሑስ ኮይኑ ክኸይድ ዘኽእልን ሓደሽ ቢትኮይን ከም ጉንፃ ይወሃበ።

እዚ ኣገባብ'ዚ ንውልቃውያን ጥንኩታት ካብ ስራሕ ወጻኢ ዝገብር ኮይኑ፡ ኑቲ ብሰንኪ ግዝያይ ኣሰራርሓን ኣብ መኽሰብ ጥራይ ዘተኩር ንዓማዊል ናይዘን ጥንኩታት ድማ ኣብ ዘይምሕር ዓቕቲ ዕዳ ዝሸምምን ዝበረ ቅጥዒ ዝሰረዘ እዩ። በዚ ሓደሽ ስልቲ'ዚ፡ መብዝሕትኡ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ዝነብር ሰብ፡ ከም መሰተርሆት ተራእዩ ተጠቀምቱ ኣብ ውሽጢ ውሑዳት ዓመታት ብልዑል ናህሪ ክወሰኽ ተራእዩ እዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ብደረጃ ዓለም ብውልቃዊ ኮምፕዩተር ዝሰርሑ ንጥፈታት፡ ካብቲ ናይ 10,000 ብሱፐር ኮምፕዩተር ዝበሃላ ዓንዲ ማእከል መርበብ ኢንተርነት ዓለም ዝዘውራ ንላዕሊ በጺሑ ይርከብ። "ነፍሲ ወከፍ ናይ ቢትኮይን ዕድጊ፡ ኣብ ብሎክቸይን ስለ ዝምዝገብ ከኣ ካብ ምትላልን ስርቅን ሓራ እዩ" ይብሉ እቶም መሃዝቱ። ከምቲ ዝጸንሐ ልምዲ፡ ዋላ'ውን ከም ናይ ሓጺን ገንዘብ ብሕሱር ማዕድናት ስራሕኩ ልዕሊ ትሕዝቶኡ ዋጋ ክትጽሕፈሉ ኣይትኽእልን'ዩ። ዝኾነ ጥሕ ከኣ ከም ድሌቱ ከሕትሞ ዘፍቅድ ኣይሃቦን። ልዕሊ ዓቕን ባጤራ ጋሄን ክፈጥር፡ ዋጋታት ሰማይ ጠቂስ ኮይኑ ከምራ ገንዘብ ሓንቲ ባ ዘምጽእ ክኸውን ዘየፍቅድ ምዃኑ'ዩ ዝነገረሉ። ከም ልሙድ ማእከላይ ጥንኩታት ዓለም፡ ብዙሕ ገንዘብ ብምሕታም፡ ቁጠባ ክዕብዮን ቅድሚ ዝቕጣበ ምፍጣሩ ከኣ ካብ ዕዳጋ ክስሕብኦን ይፍትና እየን።

እንተኾነ እቲ ጸገም እዚ ዘይትኡ ውልቃውያን ጥንኩታት ንመኽሰበን ኢለን ዘይጭብጦ ገንዘብ ብመንገዲ ዕዳ ስለዝደርድራ'ዩ። እዚ ከኣ'ዩ እቲ ሓደገኛ ልቓሓት ተባሂሉ ዝጥቀስ ጸገም። ኣብ ጉዳይ ቢትኮይን ግን፡ ክንዲ ምንታይ ቢትኮይን ኣብ ዕዳጋ ኣሎ ፍሉጥ ስለዝኾነ፡ ኑቲ ኣብ ዝኾነ ባጤራ ዘሎ ሚዛናዊ ዋሕዲ (controllable scarcity) ወሒኑዎ ኣሎ ማለት እዩ። ብተወሳኺ ብዝሒ ኣብ ዕዳጋ ዝህሉ ቢትኮይን ካብ 21 ሚልዮን ከይልዕል ሕጊ ኣውጺኡ ኣሎ። ከም ናይ ሕሉፍ ግዜ ዝኾነ ጥሕ ወይ ፖለቲካዊ ሓይሊ ብዙሕ ከሕትም ይኹን ቁጽራዊ ቅማረታቱ ክቕይር ኣይክእልን። እዚ ማለት ግን ቢትኮይን ብጥረ ገንዘብ ይኹን ብካርድ-ዕዳ (credit card) ክዋሃእ ይኽእል እዩ።

መጠን ምምስራሕ ባጤራ ቢትኮይን ካብ ካልኦት ባጤራታት ብኣዝዩ ዘገምታዊ ዝኾነ መስርሕ እዩ ዝኸይድ። ምኽንያቱ እቲ ዝሰራሕ ባጤራ ብመጠን ዝተኻየደ ዕድግታት እዩ ዝልካዕ። ብተወሳኺ ናይ ዕድጊ ወጻኢታት ይንኪ፣ ብፍላይ ከኣ ዓንዲ ሕቖ ናይ ዝጠዙሓ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት ዝኾነ ዓለምለኻዊ ሓዋላ (remittance) ዓቢ ሓገዝ ይገብር። ምኽንያቱ ኣብዚ ሕጂ እዋን ናይ ዕድጊ ወጻኢታት ካብቲ ኣብ ዕድጊ ዝተገበረ ጠቕላላ ወጻኢ ክባቢ 20% ኣብሉ ስለ ዝበጽሑ። ዲጂታዊ ዕድጊ 4 መዓልቲ ክወስድ ከሎ፡ ተንቀሳቓሲ ስእልን መዚቃን ግን ከተውርዶ ደቓይቕ ኣይወስድን እዩ። ስለዚ ንምንታይ ገንዘብ'ከ ከምኡ ዘይኮውን ካብ ዝብል ሓሳብ እዩ ቢትኮይን ፈሊቑ። ንኣብነት ብኢመይል ገርካ ኣብ ናይ ኢንተርነት ጥብቆ (internet link) ኮድ ብምቕማጥ ቲፕ (ገንዘብ) ክትሰድድ ከም ማለት እዩ።

ከም ውልቀሰብ ነዚ ሓደሽ ዲጂታዊ ባጤራ ሕቶታት ብምልዓል ጽሑፈይ ክዛዝም። ቢትኮይን ኑቶም ከም ባህርያት ዝኾነ ባጤራ ዝጥቀሱ 5 ጠባያት ወኒንዎም ኣሎ'ዶ፧ ማለት ርጉእ ባጤራ ድዩ፧ ድሕሪ ግዜ'ኸ መጠን ዋጋኡ ይጎድል ድዩ፧ ከም ዝኾነ ባጤራ መኽዘን ክብሪ (store value) ኣለዎ'ዶ፧ ወዘተ። ሓደ እዋን ካብቶም ናይ ዓለምና ዝሃብተሙ ሰባት ምዃኑ ዝነገረሉ ዋረን ባፌት፡ ንቢትኮይን "ዋርዋርታ" (mirage) ክብል ገሊጽዎ። "ሚራጅ" ኣብ ኣጻምእ ቦታታት ኣብ እትህልወሉ፡ ኣብ ርእሰኻ ዝፍጠር ናይ ማይ ስእሊ ኮይኑ፡ ካብ ምሓር ጸምኢ፡ ሓንጎልና ኑቲ ኣመና ዝደለዮ ማይ ብምስኣል ናብ ዕውሉት ጉዑ ዝወስደና ናይ ሓንጎል መስርሕ እዩ። እዚ ማለት ቢትኮይን ዘይፍጸም ተስፋ ወይ ሕልሚ ክብል ገሊጽዎ። እንተኾነ ኣንፃቢ መታን ከየናዝዝ መዚ ናይዚ ዘመናዊ ባጤራ ዝኾነ ምስጢራዊ ስም ሳቶሺ ናካሞቶ ብዝበሎ ክንደምድም። ንሱ ይብል፣ "ኣነ ርግጸኛ ኮይነ ክዛረብ ኣብ ዝመጽእ 20 ዓመታት፡ ሓደ ዓቢ ናይ ቢትኮይን ባጤራ ክህሉ እዩ፣ ወይ ከኣ ኣብ ዓለም ባጤራ ዝበሃል ኣይክህሉን እዩ።" ካብዞም ክልተ ሰባት ናይ መን ሓሳብ ይሰዕር ሓብርና ንርኣዮ ይኸውን።



## መደብ ተለቭዥን

(ሰንበት) ዕለት01/03/2026

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፈዮሪና |
| 09:35 | ዶክመንት |
| 10:20 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 11:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 11:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 17:00 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:30 | ፈንቅል |
| 18:15 | መደብ ዋልታ |
| 18:50 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ድራማ |
| 22:40 | ዜና (እንግሊዝ) |

(ሰኑይ) ዕለት02/03/2026

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ፍኖተ ህይወት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሃሎው ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዳህሳስና |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:03 | መደብሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ቈላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ውዕሎ ሻብዓይ መድረኽ ዙር ርዋንዳ

### ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ ቀጠልያ ማልያ ለቢሱ፡ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ደረጃኣ ኣመሓይሻ

ብራዚላዊ ተቐዳዳማይ ሄንሪከ ብራቮ ናይ ሱዳል ኩዊክስቴፕ ኣብ መወዳእታ ኪ.ሜ ብዝፈጸሞ መጥቃዕቲ ዕወት ሻብዐይቲ መድረኽ ዙር ርዋንዳ ክሽውን እንከሎ፡ ሳልሳይ ዝኣተወ ሄኖክ ምሉእብርሃን ናይ ነጥቢ ቀጠልያ ማልያ ለቢሱ፡፡

ትማሊ ቀዳም ዝተኻየደት ሻብዐይቲ መድረኽ ዙር ርዋንዳ፡ ዓቐብ ዝበዝሖ እያ ነይራ፡፡ እዛ ካብ ሙሳንዘ ተበጊሳ ኣብ ኪጋሊ ዝተዛዘመት 147.2 ኪሎ ሜተር ዝሸፈነት መድረኽ፡ ኣብ ቀዳሞት 90 ኪሎሜተራት ኣብ ሰለስተ ዝተኸፋፈለ ዓቐብ ዝበሮ ክትካየድ እንከላ፡ ናይ መወዳእታ 500 ሜትሮ ድማ ዓቐብ ሓኹርካ እትዛዘም መድረኽ እያ ነይራ፡፡ ብዮጌ ማልያ፡ ካብታ ዚ ውድድር ዓበለሉ ካብ ዘላ ጋንታ ኤንሰኤን ምምንጓል ክኽበድ ከም ዝኽእል እኳ እንተ ተገመተ፡ እቲ ኣብ ጸቡቕ ቁመና ዝርከብ ሄኖክ ምሉእብርሃን ግን ነታ ብዙሓ ነጥቢ ጥራይ ዝማዕደዋ ዝበረ ቀጠልያ ማልያ ክምንዝዓ ክኢሉ እዩ፡፡

ናይ መወዳእታ ኣብ ዝበራ 50 ኪሎ ሜተር ሰለስተ ተጻወትቲ ናይ ምምላቕ ፈተነ እኳ እንተ ኣካየዱ፡ ዝበርዎ ጻዕሪ ከየሰመረ ኪጋሊ ክበጽሑ እንከለው፡ ቡታ ብፍናይ ተሓንቢባ ዝለገበየም ጉጅለዮም ተዋሒጦም፡፡ ቅድሚ ዓቐብት መር ደ ኪጋሊ ምብጽሖም ውን ቶምሶን ናይ ምምላቕ ፈተነ ኣካይዱ ነይሩ፡፡ እንተኾነ ብዙሕ ከየሰጉመ ብዐባይ ጉጅለ ተዋሒጡ፡፡ ዓባይ ጉጅለ ተኸፋፊላ ኣብ ዝበረትሉ፡ ኣብ መወዳእታ ዓቐብ ሄንሪከ ብራቮ ናይ ሱዳል ኩዊክስቴፕ ብዝበበሮ መጥቃዕቲ፡ ብ3፡20፡59 ሰዓት ቀዳማይ ኮይኑ ሕንጻጽ ክሪግጽ እንከሎ፡ ሉካስ ቫን ጊልስ ካልኣይ፡ ሄኖክ ምሉእብርሃን ድማ ሳልሳይ ኣትዮም፡፡ ኣብዚ ውድድር፡ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ያፊት መሉጌታ ታሽዓይ፡ ኤሽን የማን ካብ ባዩክ ኤድ መበል 15፡ ዓወት ኣማን ካብ ኢስታንቡል ተም መበል 17፡ ናታን መድሃኔ ካብ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ መበል 19 ብምእታው፡ ምስ ቀዳሞት 20 ውድድሮም ዝዛዘሙ ኮይኖም፡፡




ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ በዚ ትማሊ ዘመዝገቦ ወጽኢት ነቲ ብሓሙሽተ ነጥቢ በለጽዎ ዝበረ ማወሮ ሓሊፉ፡ ብ111 ነጥቢ ቀጠልያ ማልያ ክሕዝ እንከሎ፣ ማወሮ ድማ፡ ብ100 ነጥቢ ይስዕብ፡፡ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ድማ፡ ካብ ሎቶ ግሩፕ ዋንቲ ብ3፡11 ደቒቕ ድሒራ ንኤንኢስኢስ በሊጻ ናብ ካልኣይ ደረጃ ደይባ፡፡

ኣብ ብዮጌን ናይ ዓቐብ ማልያን ዝመጽኣ ለወጢ እኳ እንተ ዘየለ፡ ናይ መንእሰያት ማልያ ግን ቤልጁማዊ ድዋርተ ክርከብ እንከሎ፡ ያፊት መሉጌታ ሓደ ደረጃ ብምምሕያሽ ናብ ሻዱሻይ ደረጃ ክድይብ ክኢሉ፡፡ ኤሽን የማን ድማ፡ ታሽዓይ ደረጃ ሒዙ፡፡

ዙር ርዋንዳ፡ ሎሚ 83.8 ኪሎ ሜተር ብዝሸፍን ናይ ከተማ ቸርኪቶ መጋረጃኡ ክዓጹ እዩ፡፡

ጸቡቕ ዕድል ንኹሎም ኣብዚ ውድድር ዝሳተፉ ዘለው ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ፡፡

## ሚ/ምክልኻል፡ ውድድራት ትራክን ተግባራት ሜዳን የካይድ ኣሎ

መኮንን ገብሸስን ሓበሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብምኽንያት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ ሸሞንተ መጋቢት፡ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ውድድር ኣትሌቲክስ የካይድ ኣሎ፡፡

እዚ ንሳልሳይ ዓመቱ ዝካየድ ዘሎ ውድድራት፡ ካብ ኩለን ኣሃዱታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ዝመጽኣ ደቂ-ኣንስትዮ ዝካይድኦ ውድድር ኮይኑ፡ ካብ ዕለት 27 ለካቲት ጀሚሩ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ይሰላሰል ኣሎ፡፡

እዚ ውድድራት ካብ 100 ሜትሮ ክሳዕ 10 ሽሕ ሜትሮ ናይ ትራክ ውድድራት ከምኡ’ውን ተግባራት ሜዳን ዘጠቓልል’ዩ፡፡

ዛጊት ተሰላሲሉ ኣብ ዘሎ ውድድራት ከኣ፣ ኣብ ናይ ልዕሊት ዝኾነ ሊድያ ፍጹም ካብ ብደሆ ቀዳመይቲ ዕወትቲ ክትካነውን እንከላ፡ ኣርሴማ ገብረህይወት ካብ በሪፎር፡ ሳምራ ብርሃነ ካብ መኸተ ሰዒበናኣ፡፡ ኣብ ናይ መሬት ዝላ ድማ፡ የዲት ኣፎም ካብ ንስራ፡ ሮዳስ ጥዑምዝጊ ካብ ብደሆ፡ ሳምራ ብርሃነ ካብ መኸተ ተዓዊተን፡፡



ኣብ ናይ 100 ሜትሮ ውድድር ከኣ፡ ሳምራ ብርሃነ ካብ መኸተ፡ ቅሳነት ንብረልኡል ካብ በሪፎር፡ ስምረት ሃይለ ካብ ሓሬና ቀዳሞት ሰለስተ ዕወታት ኮይነን፡፡ ኣብ ናይ 400 ሜትሮ፡ ሚካል ዘርኣዝጊ ካብ በሪፎር፡ መድያን ተኽሉ ካብ መኸተ፡ ልዋም ኣንገሶም ካብ በሪፎር ተዓዊተን፡፡ ኣብ ናይ 1500 ሜትሮ፡ ሳሮን መድሃኔ ካብ ብደሆ፡ ቅሳነት ተወልደብርሃን ካብ ሓሬና፡ ኣድያም ይሕደጎ ካብ በሪፎር ክዕወታ ኽለዋ፡ ኣብ ናይ 10 ሽሕ ድማ፡ ትርሓስ ሚካኤል ካብ መኸተ፡ መዛት ተስፋይ ካብ ዓምባርጋቡ፡ የርዳኖስ ሃብተስላሴ ካብ በሪፎር ቀዳሞት ሰለስተ ዕወታት ኾይነን፡፡

ውድድራት ትራክን ተግባራት ሜዳን ደቂ-ኣንስትዮ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ሎሚ ሰንበት ናይ 200 ሜትሮ፡ 800ን 5 ሽሕ ሜትሮን ብዝካየድ ውድድር መጋረጃኡ ክዓጹ ምዃኑ ጨንፈር ዜና መኮንን ሓበሬታን ገብሸስን ሚ/ምክልኻል ኣብ ዝለኣኸልና ሓበሬታ ገሊጹ፡፡

## ውድድር መንእሰያት ሰራሕተኛታት ተዛዚሙ

ውዳብ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ሃማመተኤ ዞባ ማእከል፡ ብምኽንያት መበል 36 ዓመት ስርሒት ፈንቅል፡ ንኣስታት ሓደ ወርሕን ሰሙንን ከካይዶ ዝጸንሐ ውድድር ኩዕሶ እግሪ፡ ብስሉስ ኣብ ሜዳ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ቀይሕ ባሕሪ ብድምቀት ተዛዚሙ፡፡

ኣብቲ ዕለት፡ ፈለማ ንሜዳ ዝወረዳ ጋንታታት፣ መዕርፎ ነፈርትን ኦዲትን እየን ነይረን፡፡ እታ ካብ የኣል ከስተ ክልተ ሸቶታት፡ ካብ ኢሰርም ገ/ትንሳኤን ኣማኑኤል ተኪኤን ድማ፡ ሓሓደ ሸቶ ዝረኸበት መዕርፎ ነፈርቲ፡ ንኦዲት 4ብ0 መራሓ ወጺኣ፡፡

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ መዕርፎ ነፈርቲ ብዘለዉ ሸቶታታ ክብ ብምባል ብዝካየደቶ ጻዕሪ፡ ካብ መርሃዊ ጴጥሮስን ናኦድ ጸጋየን ኣርባዕተ ሸቶታት ብምርካብ፡ ነታ ካብ ሞኣኤል የውሃንስ ሓንቲ ሸቶ ዝረኸበት ጋንታ ኦዲት 8ብ1 ረቲዓታ፡፡

ጋንታታት ባድመን ኣስበኮን ኣብ ዘካየድኦ ጸወታ ድማ፡ ብክልተአን ጋንታታት ብርክት ዝበለ ፈተነታት እኳ እንተ ተኻየደ፡ ናይ ቅድሚ ዕረፍቲ ጸወታ ግን ብዘይ ሸቶ እዩ ተዛዚሙ፡፡

ቅድሚ ዕረፍቲ ዝኸሰራኦ ናይ ሸቶ ዕድል ንምሕዋይ ሓያል ቅልስ ዘካየዳ ናይ ድሕሪ ዕረፍቲ ጸወታ፡ ጋንታ ባድመ ኣብ መበል 56 ደቒቕ ብመንገዲ ሂብል መድሃኔ ሸቶ ብምርካብ ንጸወታ 1ብ0 ክትመርሖ ክኢላ፡፡ ዝኣተወቶም ሸቶ የሕዋዩም ክዕወቱ ሓያል ፈተነ ዘካየዱ ጋንታ ኣስበኮ ብወገኖም ብዙሕ ጸዓሩ፡፡ እንተኾነ ጋንታ ባድመ ክሕልፍዎም ብዘይምኽኣሎም፡ ጋንታ ባድመ 1ብ0 ተዓዊቶም ክወጽኡ ክኢሎም፡፡ በዚ መሰረት፣ ኣብዚ ኽካየድ ዝወርሐ ውድድር ጋንታ ባድመ ቀዳመይቲ ኮይና ክትዕወት እንከላ፡ ጋንታታት ኣስበኮን መዕርፎ ነፈርትን ብቐደም ተኸቲለን ሰዒበናኣ፡፡




## ኣርሰናል ኣንጻር ቸልሲ – ዝዓበየ ቅልስ . . .

ኣብ ትሕቲ ሊያም ሮሰኒር ናይ ዘይተሳዕርነት ጉዕዞ ቸልሲ ኣብ ፕሪመር ሊግ፡ ሎሚ ሰንበት ክፍተን’ዩ፡፡

ኣርሰናል፡ ካብ ደርቢ ሰሜን ለንደን ናይ 4ብ1 ዓወት ተጓናጺፉም፡ ኣብ ኢመሬትስ ንናይ ሮሰኒር ቸልሲ ክእንግድዋ እዮም፡፡ ንዋንጫ ፕሪመር ሊግ ብርቱዕ ቅልስ ኣብ ዝገበረሉ ዘሎ እዋን፡ እዚ ናይ ሎሚ ምሸት ጸወታ ኣብ ሳዕለዋይ መሳልል ፕሪመር ሊግ ተቐሚጠን ዘለዋ ክለባት ዘራኽብ ብምዃኑ ብኢጋኡ ኣቓልቦ ስሒቡ ይርከብ፡፡

ኣርቴታ፡ ኣብ 2019 ኣብ ሜዳኡ ብቸልሲ 2ብ1 ድሕሪ ምስዓሩ፡ ምስ ቸልሲ ኣብ ኩሉ ካብ ዘካየዶ 14 ግጥም፡ ኣብ 10 ክዕወት እንከሎ፡ ኣብ ሽዱሽተ ድማ፡ ማዕሪ ብምውጻእ ሳዕለዋይ ኢድ ሒዙ’ሎ፡፡ ሎሚ ኸ፧

ብመራሕነት ሊያም ሮሰኒር ተሓዲሳ ዘላ ቸልሲ፡ ምስታ ኣብ ሓደጋ ምምላስ ዘላ በርንሊይ ኣብ ዘካየደቶ ጸወታ 1ብ1 ብምውጻኣ ኣቐንዛዊ ግዜ ኣብ ትሕልፈሉ ዘላ እዋን፡ ምስ ቀዳሞት ኣርባዕተ ዛዚማ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ምስታፍ ዝብል ውጥን ሒዛያ ምስ ኣርሰናል ክትሳለም፡፡ ሮሰኒር፡ ቅድሚ ጸወታ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ካብዚ ግጥም ዝጠቕሩን ዝሳተፉን ተጻወትቱ ድሕሪ ምግላጹ፡ “ኣርሰናል፡ ንፉዓት ኣሰልጠንትን ተጻወትቲን ኣለዉዋ፡፡ ይኹን እምበር ድኹም ጐድኖም ናይ ምልላይ ከኣ ናተይን ናይ ተጻወተይን ስራሕ’ዩ፡፡ ብርግጽ ናይ ሎሚ ሰንበት ግጥም ዓቢ ጸወታ’ዩ” ኢሉ፡፡ ንሱ ወሲኹ፡ “ኣብ ማሰርሕና ህዱኣትን ቀጻልነትን ዘለና ክንከውን እዩ ዝደሊ፡፡ እዛ ክለብ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ክለብ ስለ ዝኾነት ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትህሉ ኣለዋ፡፡ ነዛ ክለብ ክርከብ ከለኹ ሻሙናይቲ’ያ ነይራ፡ ሕጂ ግን ኣብ ውድድር ኣሎና፡” ኢሉ፡፡

ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ሚካኤል ኣርቴታ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጠዊ መግለጺ፡ ኣብ መጉዳእቲ ዝጸንሑ ተጻወትቲ ክምለስዎ ተስፋ ገይሩ ከምዝሎ ድሕሪ ምግላጹ፡ “ኩሉ ነገር ኣብ ምድላው’ዩ ዝምርኮስ፡ እቲ ትጉበሮ ምድላው ድማ፡ ተኣማንነት ይህበካ . . . ንኹሉ ተኽእሎታት ክንዳለወሉ ኢና፡፡ ካብኡ’ም በለጸና ንምቕራብ ከኣ ክንፍትን ኢና፡” ኢሉ፡፡

ኣብዚ ናይ ሎሚ ምሸት ጸወታ፡ ኣርሰናል 4-2-3-1 ቅዲ ኣሰላልፋ ሒዛ ክትወርድ ትጸበ’ት ከምዘላ ከሎ፡ ቸልሲ ድማ፡ 4-3-3 ክትክተል ትጸበ’ት ይግበረላ፡፡ መርበብ ሓበሬታ ‘ስፖርትሞል’ ነዚ ጸወታ ኣመልኪታ ኣብ ዝሃበቶ ግምት፡ ኣርሰናል 2ብ1 ክትዕወት’ያ ትብል፡፡ ንስኻትኩም ከ፧

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**

| | |
|---|---|
| ብርያተን - ኖቲንግሃም | 5:00 ድ.ቐ |
| ፉልሃም - ቶተንሃም | 5:00 ድ.ቐ |
| ማን.ዩናይትድ - ክሪደስታል ፓላስ | 5:00 ድ.ቐ |
| ኣርሰናል - ቸልሲ | 7:30 ድ.ቐ |

**ላሊጋ**

**ሰኑይ**

| | |
|---|---|
| ርያል ማድሪድ - ጌታፈ | 11:00 ድ.ቐ |

## ኣለክሳንደር ኡሲክ፡ ክብሩ ንምዕቃብ ናብ ውድድር ይምለስ

ሰለስተ ግዜ ሻምፕዮን መኸተ ጉስጢ ከቢድ ሚዛን ዝኾነ ዩክሬናዊ ኣለክሳንደር ኡሲክ፡ ናይ ሻምፕዮን ክብሩ ንምዕቃብ ኣብ ወርሒ ግንቦት ምስ ሻምፕዮን ርግሒትን-ጉስጥን (ኪክቦክሲንግ) ዝኾነ ሆላንዳዊ ሪኮ ቨርሆቨን፡ ኣብ ግብጺ ፒራሚድ ጊዛ ክገጥም ምዃኑ ተገሊጹ፡፡

ወዲ 39 ዓመት ሻምፕዮን ከቢድ ሚዛን መኸተ ጉስጢ ኣለክሳንደር ኡሲክ፡ ድሕሪቲ ኣብ ወርሒ ሓምለ ኣብ ስታድዩም ዌምብሊ ንዳኒኤል ዱብዋ ኣብ ሓምሻይ ዙር ዘሪሩ ዝሰዓሮ ግጥም፡ ዝኾነ ጸወታ ከየካየደ’ዩ ጸኒሑ፡፡ ኡሲክ፡ ካብ 2021 ኣትሒዙ ኑየም ናይ ዘመንና ገባልል መኸተ ጉስጢ ተባሂሉም ዝጽውዑ ኣንቶኒ ጆሽዋ፡ ታይሶን ፉሪ፡ ዳኒኤል ዱብዋ ብምርታዕ ንዝበና መኸተ ጉስጢ ክጭብጥ ክኢሉ ዘሎ’ዩ፡፡

ወዲ 36 ዓመት ሻምፕዮን ከቢድ ሚዛን ሪኮ ቨርሆቨን ብወገኑ፡ ኣብ ወርሒ ሕዳር ካብዚ ዓውደ ስፖርት ቅድሚ ምስናቡ፡ ካብ ዘካየዶ 76 ቅልሶት ኣብ 66 ግጥማት ዓወት ክጓናጸፍ ዝኸኣለ’ዩ፡፡ ሪኮ ቨርሆቨን፡ ድሕሪ 2014 ንመጀመርያ ግዜ ኣብ 23 ግንቦት 2026 ኣብ ሜዳ መኸተ ጉስጢ ኣንጻር ኡሲክ ክገጥም ክረአ’ዩ፡፡


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሚለንዩም<br>ቤት መሸጣ መድሃኒት ጉት<br>ፋርማሲ ገዛ ከኒሻ | 01/03/2026 | ጎደና ባሕሪ ባራ 191 ቁ. ገዛ 8፡ ማይ ጭሆት ትሕቲ መስበድ<br>ጎደና ኣፍዓበት ቁ. 209፡ ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓመስ<br>ጎደና ክሳድ ገዋ 195 ከቢ 2ይ ደረጃ ቤ/ት ደሳቕ ተወልደመድህን | 07153448<br>125154<br>08202877 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services